# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.293 | ቀዳም 8 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ተመኩሮይን ተመኩሮኻን



ገጽ 4 ኢንጅነር ኣማኑኤል ኣስገዶም



ገጽ 5 ምቅሊት ድሕሪ ፍትሕ ብኸመይ፧



ገጽ 10 ኤርትራዊት ጆዊት - 'ወይዘሪት ዓለም' ንምዃን ተቓምት



ገጽ 11 ዓወት ተጻዊቱ





## ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ 10ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር፡ "ብሓቦር ናብ ብሩህ ጽባሕ" ብዝብል ቴማ፡ ብ31 ሓምለ ኣብ ኣ'ደውሓ 10ይ ጉባኤ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ማሕበረኮም ዝተረኽብሉ ጉባኤ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንተራን ኣበርክቶን ማሕበረኮም ኣብ ሃገራዊ መደባት ብምምጓስ፡ ኣብ መንነ ኣባላት ዝርአ ናይ ምትሕግጋዝን ሰናትን መንፈስ ንሓድነቶም ብዝበለጸ ዘደልድልን ንረብሓታቶም ዘገልግልን ስለዝኾኑ፡ ብዝሓየለ ክሽሰኩስ ኣዘኻኺሩ።





ተሳተፍቲ፡ ኣብ ስራሕ ዝጸንሐት ኣካያዲት ኣካል ማሕበረኮም ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ ስራሕ ድሕሪ ዘቶደድዎ ዘተን ክትዕን፡ ተራን ኣበርክቶን ማሕበረኮም ንምዕዛዝ ኣብ ዝጸለመ ናይ መጻኢ መደባት ተረዳዲኦም።

ኣብ መወዳእታ ጉባኤኛታት፡ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።

ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ኣብ ዘመሓላለፎ መዛዘሚ መልእኽቲ፡ ጉባኤኛታት ዝርኣይዎ ንጡፍ ተሳትፎ ድሕሪ ምምስጋን፡ ሓዳስ ዝተመርጸት ኣካያዲት ኣካል፡ ሓድነትን ምትሕግጋዝን ኣባላት ማሕበረኮም ንምድንፋዕ ከምኡ'ውን እጃሞም ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምብራኽ ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ተላብዩ።

## ኣቑርደት - ኣስተምህሮ ንተሳተፍቲ ክረምታዊ ወፍሪ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ንተሳተፍቲ ክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ፡ ኣብ ምውጋድ ጎድኣቲ ልምድታትን ረብሓታት መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻን ዘተኩረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

እቲ ብኣብያተ-ጽሕፈት ሃማደኤን ሕርሻን ዝተወደበ ኣስተምህሮ፡ ተመሃሮ ኺ-ኺ'ቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ማሕበራዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ሳዕቤናት ጎድኣቲ ልምድታት ዘለዎም ኣፍልጦ ብምዕባይ ኣብ ሕብረተሰብ እወታዊ ጽልዋ ንምፍጣር እጃሞም ክበርክቱ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ረብሓታትን ሚላታትን ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣፍልጦ ክምዝህልዎ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ኣፍሊጦም ሓቢሮም።

ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ዝጠቐሱ ተሳተፍቲ፡ ዝተዋህቦም ኣስተምህሮ መረዳእታኦም ኣበሪኹ ኣብ ምግታእ ጎድኣቲ ልምድታትን ምስፋሕ መደባት ሕርሻዊ ልምዓትን ክምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል፡ ሓያል ቁጽጽራዊ ስርሓት የካይድ ኣሎ

ጨንፈር ሕግን ስርዓትን ዞባ ማእከል፡ ጥሒሶት ሕጋጋትን መምርሒታትን ንምግታእ፡ ኣብ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ሓያል ቁጽጽራዊ ስርሓት ከምዝተኻየደ ገሊጹ።

ግዚያዊ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኢንስፔክተር ኣርኣያ ዳኘው ንኤረና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ 2026፡ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ፡ ናይ ተጠቃምነት ዕለት ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ዕዳጋታትን ዋጋታትን፡ ከምኡ'ውን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝሰርሑ ህንጻታት ብዝተኻየደ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ፡ ጉድለት ዝተረኽበን ትካላት ተኸሲሰን ብጠቕላላ ኣስታት 8 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝተቐጽዓ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፍቓድ ንግዲ ዝጸሓደሳን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሓ ዝተረኽባን ትካላት ማስተን ለይታዊ ትልሂትን፡ ሚዛን ዒ ዘጉደላን ጽሬት ዘይሓለዋን ትካላት ሕብስቲ፡ ከምኡ'ውን ዘይምኸኑይ ወሰኽ ዋጋ ዝገበራ ትካላት መሸጣ ኣእካል፡ ናይ ገዝዛበን ምዕሻግን ሰገምቲ ከምእተወሰደለን ሓቢሩ።

ኢንስፔክተር ኣርኣያ ኣሰዒቡ፡ ኣብ 2002 ዝወጸ ኣዋጅ ምኽልካል ፈሰታል፡ ሓደ ካብ'ቲ ዕቱብ ምቁጽጻር ዝግበረሉ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዝተጠቕሰ 6 ኣዋርሕ ፈሰታል ሒዘን ዝተረኽባ 40 ትካላትን ጉድለት ዝተረኽበን 15 ትካላት መሸጣ ስጋን ብገንዘብ ከምእተቐጽዓ ገሊጹ።



ኣብ መወዳእታ ንሓደጋታት ባርዕ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ብዘጋጠመ 54 ባርዕ ሓዊ 3 ሰባት ክሞቱ ከለዉ 5 ከምዝቖሰሉ፡ ኣብ ንብረት ድማ ልዕሊ 35 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዝወረደ ኣፍሊጡ።



ስእሊ ሮቤል መረሰዕ

ዜና

# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ምዕራብ ካናዳ ተኻዪዱ

ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ምዕራብ ካናዳ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ1ን 2ን ነሓሰ ኣብ ከተማ ኤድመንተን ብዓቢ ድምቀት ተኻዪዱ።

እዚ ካብ ከተማታት ኤድመንተን፡ ካልጋሪ፡ ሳስካቱን፡ ዊኒፐግ፡ ቫንኩቨር፡ ብሩክስ፡ ረጃይና፡ ቶሮንቶን ካልኦት ከተማታት ካናዳን ከምኡ'ውን ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመጽኡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ፈስቲቫል፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኦታት፣ ከምኡ'ውን ስፖርታዊ ንጥፈታትን ምርኢት ቀያሕቲ ዕንባባን ብዝጠቓልል መደባት ደሚቑ ምንባሩ እቲ ዝበጽሖ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣቦ-መንበር ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣቶ ዑቕባይ ተስፋስላሴ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ምዕራብ ካናዳ ኣስታት 40 ዓመታት ዘቑጸረ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ብራኢን ፍቕሪ ሃገርን ዝፈለመ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ውርሻ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር፡ ከምኡ'ውን ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ዘተኮረ ሰሚናር፡ ብናይ ክብሪ ዕዱም ኣቶ ኤልያስ ኣማረ ተኻዪዱ።





# ዞባ ማእከል - ፖሊስ ትራፊክ ንመራሕቲ ዓበይቲ መካይን ጎስጓስ ኣካዪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንመራሕቲ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን ኩባንያ 'ሊሎ ትራንስፖርት'፡ ኣብ ድሕነት ተሸከርከርቲ ዘተኮረ ጎስጓስ ብ5 ነሓሰ ተኻዪዱ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ኣኼባ፡ ሓደጋታት ኣብ ህይወትን ንብረትን ዘውርዶ ጉድኣት ንምንካይ፡ መራሕቲ መካይን ጥንቁቕ ኣመራርሓ ከዘውትሩ ንምዝኽኻር ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ'ዚ ዓመት፡ ሕጊ ብምጥሓስ ካብ ዝተኸሰ 41,463 ተሸከርከርቲ እተን 28,793 መካይን ልዕሊ 12 ሽሕ ድማ ብሽክለታታት ከምዝኾና ብምጥቃስ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 7.5 ሚልዮን ናቕፋ ከምእተቐጽዓ ኣፍሊጡ።



ብዘይካ'ዚ፡ 1,327 ሓደጋታት ትራፊክ ከምዝጋጠሙ፡ ብሰንኩ ድማ 28 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 356 ሰባት ከቢድን ቀሊልን ኣካላዊ ጉዳኣት ከምዘወረዶም፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 10 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ኣብ ንብረት ከምዝበጽሐ ኣፍሊጡ።

ቀንዲ ጠንቂ ሓደጋታት ትራፊክ፡ መስተ ሰቲኻ መኪና ምምራሕ፡ ምሕር ናህሪ፡ ምልክታት ትራፊክ ዘይምኽባርን ርሕቀትካ ዘይምሕላውን ከምዝጠቓልል ዝጠቐሱ ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ፡ ሕጊ ትራፊክ ብጥብቂ ክኽበር ተማሕጺኖም።



ስእሊ. ፊያሜት መስፍን

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም መግለጺ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ንዘጽንሖም ፍልጠት ዘድርዕ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብቐጻሊ ክተግብርዎ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ 'ሊሎ ትራንስፖርት' ኣቶ ሓየሎም ነጋሲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መራሕቲ ዓበይቲ መካይን ነቲ ብፖሊስ ትራፊክ ዝተዋህቦም ሓበሬታ ኣኽቢሮም ዕለታዊ ንጥፈታቶም ከካይዱ ኣተሓሳሲቡ።

# ጋሽ ባርካ - 600 ሓደስቲ መምህራን ሰልጢኖን

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብምስፋሕ ብቐዓት ትምህርቲ ንምሕያል ብዝቕጽል ዘሎ ጻዕሪ ኣብ ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ጎኒ ንሓደ ወርሒ ብስነ-ምምህርና ክሰልጥና ዝጸንሓ ልዕሊ 600 ሓደስቲ መምህራን ብ5 ነሓሰ ተመሪቐን።

እቲ ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና ንኻልኣይ ግዜኡ ምዃኑ ዝሓበረ ዳይረክተር ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ጎኒ መምህር ክብሮም ኣስመሮም፡ ሰልጠንትን ኣሰልጠንትን ዝርኣይዎ ተገዳስነትን ተወፋይነትን ሞጒሱ።



ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ትምህርቲ ብርሑቕ መምህር መስፍን መሓሪ ብወገኑ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ፡ ብሃገር ደረጃ መሰልጠኒ ማእከላት ቈይሙ ስልጠናታት ይወሃብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ድማ፡ ዛጊት ብዝተኻየደ ጻዕሪ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ 155 ዝነበረ ቍጽሪ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ናብ 438 ከምዝዓበየን ልዕሊ 27 ሽሕ ተመሃሮ ኣገልግሎት ይረኽቡ ከምዘለዉን ብምሕባር፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ቍጽሪ ትካላት ናብ 630፡ ብዝሒ ተመሃሮ ድማ ናብ 39 ሽሕ ክብ ክብል ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝጀመረ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ናይ ምስራሕን ሓደስቲ መምህራን ናይ ምስልጣንን መደባት፡ ኣብ ምስፋሕ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲን ምዕባይ ቁጽሪ ተመሃሮን ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፡ ንምዕዋቱ ልዑል ኣበርክቶ ንዘበርከቱ ዘለዉ ትካላትን ውልቀሰባትን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ብሰልጠንቲ ዝተዳለወት ንኣገባብ ኣመሃህራ ቅድመ-ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ (ድግማ) 3ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መሬትን ኣከባብን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ተመኲሮይን ተመኲሮኻን II

ኣብ በይነይ ኰይነ ብዛዕባ ጕዕዞ ህይወተይ ክሓስብ እንከለኹ፡ ዝያዳ ዝዓዘዘኒ ሓሳብ፡ ትምህርተይ እዩ። ኣብ ትምህርቲ ዘሎኒ ዓቕምን ትምኒትን ክመዛዘነለይ ደለኹ። ምኽንያቱ ትምኒት በይኑ ዋጋ የብሉን። ስለዚ፡ ናብ ትምኒተይ ዘብጽሓኒ ዓቕሚ ክህሉወኒ ብሂገ። ትምኒተይ፡ ዓቕመይን ክእለተይን ዝበጽሖ ክኾነለይ እንተ በሃግኩ ጽቡቕ'ዩ። ትምኒት ንበይኑ፡ ኣብ ዘይከኣል ዝመስለካ ግዜ ግዝያዊ ዕረፍቲ ይህብ ምኽኑ ይእመነሉ። ምምናይ እቲ ዝጠዓመን ዝቐለለን ነገር'ዩ። ዘድልየካ ኣለሊኻ ምምናይ ግን ክብድ ይብል። ዘድልየካ ነገር ክትፈልጥ፡ ነብስኻ ምፍላጥ ስለ ዘቐድም። ነብስኻ ንኽትፈልጥ ከኣ ብዙሕ ኵስኳስ የድልየካ። ናብ ውሽጥኻ ትኣትወሉ ብዙሕ መገድታት ክትደሊ ትግደድ። በይነይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ከኣ ነብሰይ እፈልጣ ድየ ኣይፈልጣን ክምልስ እፍትን። ብዙሕ ግዜ ካብ እንሰምዖ ታሪኽ ዓበይቲ ሰባት ዓለምና፡ ዝበዝሑ እቲ ስሞም ዝኾልዐ ኣበርክቶኦም ካብ ብንእሽቶኦም ዘለለዩዎ ዓቕሚ ውሽጦም ዝወለዶ እዩ። ኣብ ከምዚ ናተይ ካልኣይ ደረጃ ዘለኹሉ ግዜ ወይ ዕድመ፡ ንሳቶም ዝደልዩዎ ፈሊጦም ነበሩ። ኣረ ገለኦምሲ ንገለ ዓበይቲ ርኽበታት ዝረኸቡ፡ ምህዞታት ዝመሃዙ፡ ወይ'ውን ዓበይቲ ሕቶታት ኣልዒሎም ዝነበሩ እዮም።

ኣነ ኣብዚ ተመሳሳሊ ዕድመኸ እንታይ ገይረ ኣለኹ፧ እንታይ እሓስብ ኣለኹ፧ እንታይ'የ ክኸውን፧ እቲ ብልበይ ዝደልዮ እንታይ እዩ፧ ...፧ ....፧ ...፧ ....፧ ....፧ ....፧ ብዙሓት ብሻዓኡ ዘይምለሰለይ ሕቶታት ንነብሰይ



ኣቕርበላ። ንኹሉ ክምልሶ'ኳ እንተ ዘይከኣልኩ፡ ትምህርቲ ሓደ ካብቲ ነዚ ሕቶታት ንኽምልስ ዝሕግዘኒ መሳርሒታት ምኳኑ ግን ፈሊጠ ኣለኹ።

### ቀዳማይ ስጉምተይ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሮ ፍልጠት፡ ናብቲ ናይ ብሓቂ ንስነተይ ዝመርሕ ሓደ ሓባሪ ምኳኑ ምእማነይ'ዩ። ሓደ ግዜ ንመምህርና፡ ብዛዕባ ነብስኻ ምፍላጥ ሓንቲ መማህርትና ሓቲታቶ ነበረት። ነብስኻ ምፍላጥ ኣዝዩ ዓቢ ኣምር ምኳኑ ድሕሪ ምንጋሩ፡ “ኣብ ኣዕድመና እዛ ሕቶ ትጋደፈና ኣይኮነትን። ነብስኻ ምፍላጥ ዘየዕርፍ ሕቶ ደቂ ሰብ እዩ። ግና ንፉዓት እንተ ኲኣንኩም ኣብዚ ዘለኹሞ ዕድመ ነብስኹም ክትፈልጡዋ፡ እታ ሓቂ መንነትኩም ክትፈልጡዋ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ነብሱ ዝፈልጥ ብሓጐስ ክነብር ኣይሸግረን። ናበይ ይኸይድ ኣሎ፧ ስለምንታይ፧ መኣስ'ዩ ኣብ ምዕራፉ ዝበጽሕ፧ ድሕሪኡኸ እንታይ'ዩ ዝርከብ፧ ዋላ ደኣ ዓሰርተ ሳዕ ይውድቕ ወይ ይፍሽል ብምርጫኡ ፍጹም ኣይጠዓስን። ምኽንያቱ ንሳ፡ እታ መገዲ፡ ናቱ ከም ዝኾነት ስለ ዝፈልጣ፡” ክብል መለሰ።

መምህር፡ “ካብ ምንታይ ተበጊስኪ ሓቲትክኒ በላ፧” ክብል ሓተተ።

መማህርትና ከኣ ሓንቲ ናይ ስነ ልቦና መጽሓፍ እና'ንበበት እንከላ፡ ነዛ ኣምር ምርድእ ከም ዘሰኣነት ነገረት። መምህር፡ ንመማህርትና ብምምጓስ ከምዚ በለና፥ “ነብስኻ ክትፈልጥ ካብ ዝሕግዝ ንጥፈታት ሓደ፡ እቲ ፍቱን ተመራጽን፡ መጽሓፍ ምንባብ እዩ። ብዙሕ ዓይነትታት መጽሓፍ ምንባብ ናብ ንስነትካ ይመርሓካ። ኵሉ ዓይነት መጽሓፍ ይሕግዝ ማለት ኣይኮነን። ግን ኵሉ ዓይነት መጽሓፍ ምንባብ ከኣ የድልየካ እዩ። ምሳና ብቐረባ ዝተኣሰሰር ካልእ ፍቱን ኣገባብ'ውን ኣሎ፣ ንሱ ከእ ትምህርቲ እዩ። እቲ ኽትከኑኑዎ እትደልዩ፡ ወይ ክትበጽሑዎ እትደልዩ ደረጃ ካብ ውሽጥኹም ዝነቐለ ድልየት ምኳኑ ክትፈልጡ ኣሎኩም። ኣብዛ ዓለም እቲ ብዘይ ትምህርቲ ክብጻሕ ዝከኣል ዝብሃል ክጠቕሰልኩም ኣይክእልን። ምኽንያቱ ብዘይ ትምህርቲን ምንባብን ኣብዛ ዓለም ቍምነገር ዝተገብረሉ ዓውዲ ክሳዕ ሕጂ ኣይሰማዕኩን ወይ ኣየንበብኩን፡” ብምባል፡ ትምህርቲ ዘይንዓቕ ምርጫ ምኳኑ ነጊሩና ነበረ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ንባህግታተይ ዝጭብጠሉ መገዲ ምኳኑ ኣሚነ ክቕበሎ መዲበ።

### ካልኣይ ስጉምተይ

ካብ ዘረባን ጽልዋን ስድራይ፡ ፈተውተይ ወይ መሓዙተይ ወጺኣ ንኹለን ዓይነታት ትምህርቲ ብሓደ ዓይኒ ርእየ ክምርምረን ምምዳበይ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ገለ መምህርተይ ንፊዚክስ ኣዝዮም ዝጸልኡዋ ኣለው፣ “ፊዚክስ ናይ ጽሉላት ትምህርቲ እዩ። ዋላ ሓንቲ ከኣ ክትሰርሓሉን ክትነብረሉን ኣይትኽእልን ኢኻ ይብሉ።” ገለ ከኣ ኣለው ንኹሉ ማሕበራዊ ትምህርቲ ፈጺሞም ዘይፈትውዎ። መዓልታዊ እቲ ነቲ ሓደ እናፈንፈኑ ይዛረብሉ። ኣነ ግን ካብ ኵሉ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ወጺኤ፡ ብማዕረ ከጽንዐን፡ ክምርምረንን ክፈትወንን ኣሎኒ ኢለ ተበጊሰ። ምኽንያቱ፡ ንባዕለይ እንታይ ከም ዝፈቱ ከይፈለጥኩ፡ ሰብ ብዝበሉዎ ክውስን ስለ ዘይደለኹ።

### ሳልሳይ ስጉምተይ

ሳልሳይ ስጉምተይ ኣንጻር ሰብ ዝብሎ ምኻድ'ዩ። እዚ ማለት ግን ኣብ ኵሉ ህይወተይ ኣንጻር ዝብሃለኒ ክኸይድ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ከምዚ ቅድም ኢለ ዝጠቐስኩዎ፡ “ንስኻ ኣብ ቍጽሪ ንፉዕ እንዲኻ፡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ ፍልጠት ክትኣቱ ኣሎካ፡” ኢሎሙኒ ንበል። ቍጽሪ ንፉዕ ምኳን ኣብ ናይ ማሕበራዊ ዓይነታት ትምህርቲ ኣየድልየካን ድዩ፧ ዋላስ ቍጽሪ ንፉዕ እንተ ኴንካ ኣብ ማሕበራዊ ትምህርቲ ንፉዕ ክትከውን ስለ ዘይትኽእል እዩ፧ ከምዚ ዝኣመሰሉ ሕቶታት እና'ልዓልኩ፡ ናይ ገዛእ ርሰይ ውሳነ ብሓላፍነተይ ክውስን ኣሎኒ ኢለ መዲበ ኣለኹ።

ፍትዋት መማህርተይ ወይ'ውን መምህራነይ እዚ ናይ በይነይ ሓሳብን ድፍኢትን እዩ። ናትኩም ክሰምዕ ብሃረርታ እጸበ።

**ሃረርታ ብርሃነ**

## 10 እንደታት ኣድህቦ



1. እቲ ናብ ትምህርቲ እትኸዶ ርሕቀትን መሳለጥያ መጓዓዚኻን ኣብ ግምት ብምእታው ወትሩ ኣቐዲምካ ተበገስ።

2. ኣብ ቅድሚት ኮፍ ክትብል ይምረጽ። ምስ ናይ ወትሩ መካይድትኻ፡ መዋዕልትኻን ረበሽቲ ተመሃሮን ኮፍ ኣይትበል። ናብ ዘይተደልየ ዕላልን ጸወታን እናኣተኻ ካብ ምክትታል ክትበኩር ስለ እትኽእል፡ ግዱሳት ተመሃሮ ኣብ ዘለዉሉ ኮፍ በል።

3. ኣብ ክፍሊ ኣድህቦ ዘይትገብር እንተ ኴንካ፡ ኣብ ግዜ መግለጺ ኣገደስቲ ኖት ክትሕዝ ሕሰብ።

4. ናብ ትምህርቲ ክትከይድ እንከለኻን ናብ ክፍልኻ ክትኣቱ እንከለኻን ክትምሃር ከም ዝመጻእካ ዘክር።

5. ናይቲ እትምሃሮ ምዕራፋት ስእሊ (course outline) ሓዝ። ኣቐዲምካ'ውን ብዛዕባ እንታይ ክትምሃር ምኳንካ ፈሊጥካ ክፍልኻ እንተ ኣቲኻ ዝያዳ ኣድህቦ ክህልወካ ክሕግዘካ እዩ።

6. ንዝወሃበካ ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ብተገዳስነት ብምርኣይ፡ ንዳሕራይ ይጽንሓለይ ከይበልካ ክትሰርሖ ፈትን።

7. ኣብ ግዜ ዕረፍትኻ ክትገብሮ ንእትሓስቦ ነገራት ኣብ ግዜ ትምህርቲ ኣይትዘክሮ፣ ምስ ተፈደስካ ከተርክበሉ ኢኻ።

8. ዘይትፈልጦ ካብ ምሕታት ኣይትቑጠብ።

9. ብባህርያት መምህራኖምን ትምህርትን ካብ ዘማርሩ ርሓቕ።

10. ኣብ ክፍልኻ ብንጥፈት ተዋሳእ። እዚ ምግባር ኣብ ክፍልኻ ምህላውካ ባህታ ክፈጥረልካ'ዩ። መምህራን'ውን ዝበዝሐ እዋን ንጡፋት ተመሃሮ ኣብ ዘለውሉ ክፍሊ ንኽምህሩ ዝያዳ ይብረሆም።

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: Which one is closer, Sun or Australia?
Student: Sun Teacher: Why? Student: We can see the sun all the time, but can't see Australia.

ሜሪ ማና

## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS
VERBS OFTEN CONFUSED

Win for Beat.

Don't say: We have always won your team.

Say: We have always beaten your team.

"To win" is to gain something for which you have tried; "to beat" is to overcome an opponent: as, "The girls beat the boys, and so won the prize."

REMEMBER the principal parts of each verb: beat, beat, beaten, and win, won, won.

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ 'COMMON MISTAKES IN ENGLISH'


## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ልቢ ወለድ ናብ ተኽእሎታት ይጽጋዕ፣ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን፣"

- Mark Twain

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ኢንጅነር ኣማኑኤል ኣስገዶም

## ጋብላዊ ቆፎ ዘመሓየሸ መሃንድስ



ኢንጅነር ኣማኑኤል ኣስገዶም

ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ናብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 ተንቀሳቒሳ፡ ካብ ዝዳህሰሰቶም መሃዝቲ ሓደ እዩ። ኢንጅነር ኣማኑኤል ኣስገዶም ይብሃል። ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ከረን ኮይኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ይሰርሕ። ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ዘቐረቦ ሰንዓታት ድማ እተመሓየሸ ጋብላዊ ቆፎታት ንህቢ እዩ። ኣብ ሃገርና ክዝውተር ዝጸንሐ ባህላዊ ቆፎ ንህቢ፡ ነዊሕ ከቢብ (ስሊንደር) ቅርጺ ዘሎዎ ኾይኑ፡ ንሓረስቶት ከመሓድሩዎ ዘጸግም'ዩ።

ኣብ 2024 ብስራሕ ምስ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ከረን ናብ ሓረስቶት ምስ ከዱ፡ ገለ ጸገማት ከም ዝረኣየ ዝገልጽ ኢንጅ. ኣማኑኤል፡ "ብድሕሪኡ፡ ኣብ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ናይ ዞባ ዓንሰባ ጋብላዊ ቆፎ ኣቕሪበ፡" ብምባል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀጻሊ ጎስጓስ ከም ዝገብር ሓቢሩ። "ኣብ 2025፡ ምስ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ ብምትሕብባር፡ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ዓንሰባ ውድድር ምህዞን ሰንዓን ተኻዪዱ ነይሩ፣ ኣብኡ ድማ ነዛ እተመሓየሸት ጋብላዊ ቆፎ፡ ከም መምሃርን መላለዪን ንምርኢት ኣቕሪበያ፡" ይብል። እተ ዘመሓየሾ ጋብላዊ ቆፎታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብቐሊሉ ክጥቀመሉ ዝኽእል ምዃኑ የብርህ። "እዚ እተመሓየሸ ጋብላዊ ቆፎ፡ ምስቲ ብስነ-ፍልጠት እተደገፈን ብደረጃ ዓለም ኣብ ጥቕሚ ዘሎን ዓይነታት ቆፎ ከም ዝዳቐል ኢና ገይርናዮ፣ ኣነ ተጠቒመሉ ዘለኹ፡ ካብቲ ሓረስታይና ዝጥቀመሉ ባህላዊ ቆፎ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን" ድሕሪ ምባል፡ ናይ ዒባ፡ ሓሞኽሽቲ፡ ርሺ፡ ሓሰር፡ ጨንፈርን ካልእን ገይሩ ከም ዝሰርሖ የረድእ።

"ዝወሰኽኩዎ እንተሎ እዚ ዲክሰን እንብሎ ሓጺን እዩ፣ ዋግኡ ሕሱር፣ ፍኹስ ዝበለን ብቐሊሉ ክለሓም ዝኽእልን'ዩ፡" ዝበለ ኢንጅነር ኣማኑኤል፡ "ኣነ ንኣብነት፡ ሻምብቆ እየ ተጠቒመ ዘለኹ፣" ይውስኽ'ሞ፡ ሻምብቆ፡ ስልኪ፡ ዒባ ምስ ርሺ ከምኡ'ውን ንጀበና ወይ ጻሕሊ ዝጥቀምሉ ሓመድ ከም እተጠቕመ ይዝርዝር። መበገሲ ምስራሕ መዓር ዝኾኑ ተረበብቲ ድማ ከም ናይ ጋብላዊ ቆፎ ምዃኑ ይሕብር። ካልእ፡ ኣብታ ጋብላዊ ቆፎ፡ መጋረዲ እትብሃል ጣውላ ከም ዘላ ይጠቅስ። ንእተጠቕመሉ ኣሰራርሓ ክገልጽ እንከሎ ድማ ነቲ ሓጺን ብመለክዒ ናይ ዘመናውን ባህርያውን ቆፎ ክግጠማ ከም ዝግባእ ይገልጽ። ነቲ ሻምብቆ፡ ሓረስታይ ባዕሉ ክሰርሖ ከም ዝኽእል ዝሕብር ኢንጅነር ኣማኑኤል፡ ነቲ ዒባ ልክዕ ከምቲ ኣብ ባህርያዊ ቆፎ ክጥቀምሉ ዝጸንሑ ከዳልዉዎ ይመክር። ነዚ ንሱ ኣዳልዩዎ ዘሎ'ውን ሓረስታይ ባዕሉ ክሰርሖን ክጽግኖን ከም ዝከኣል ይገልጽ።


እዚ ምህዞ ኣብ ሓረስቶት ንኽበጽሕ ብዛዕባ እተኻየደ ጻዕርታት ክገልጽ ከሎ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝገብሩዎ ጎስጓሳት፡ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን'ውን ከም ዘካይዱ ዝሓበረ ኢንጅነር፡ ነዚ ተመሓዩሹ ዘሎ ቆፎታት ንሳልሳይ ግዜኦም የርእዩዎን ይጉስጉስሉን ከም ዘለዉ ኣብሪሁ።

ምስ ምንቅስቓስ ብዝተሓሓዝ፡ "እዚ ተመሓዩሹ ዘሎ ጋብላዊ ቆፎ ኣብ ርእሲ-ርእሲ ተደራሪቡ ብመኪና ይኹን ብዝኾነ ኣገባብ ክነንቀሳቕሶ ንኽእል ኢና፡" ይውስኽ።

ቀጺሉ፡ ሃማመተኤ ንዝገብረሎም ጽቡቕ ኣበርክቶ የመስግን፣ ብሓፈሻ፡ "ተራ መሻርኽቲ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ትካላትን ዝምስገን እዩ፣ ካብ ህዝቢ'ውን ጽቡቕ ምትብባዕ ኣሎ፣ ሓታቲ ሰብ፡ ብውሕዱ ካብ ርብዒ ክሳዕ ፍርቂ ሰዓት'ዩ ዝሕዘካ፡" ይብል። ብፍላይ ንኣፍረይቲ ንህቢ እዚ ተዳልዩ ዘሎ ቆፎ፡ ብዋጋ ሕሱርን እቲ ሓጺን'ውን ብቐሊሉ ዝርከብን ክልሓም ዝኽእልን ብምዃኑ ከም ዘተባብዖም የብርህ። ህዝቢ ጽቡቕ ከም እተቐበሎ ዝገልጽ ኢንጅነር፡ በቲ ዝሰርሖ ሕጉስ ምዃኑ የብርህ። "ጸቢባዶ ዝብል ርእይቶ ይመጽእ'ዩ፣ ግን እቲ ሕሉው ደረጃ (ስታንዳርድ) ከም ዝኾነ ኢና እንነግሮም።" ይብል። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ "ነዚ ዕድል ንዝፈጠሩለይ ኩሎም ኣካላት ምስጋና ይኹኖም፣ ንኹሎም መሳርሕተይ፡ መምህራነይ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ንሰድራይን ንመደብ ፍረ-ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻን ብልቢ ኣመስግን።" ይብል። ሕርሻዊ ምህዞን ሰንዓን ክተባባዕን ክብርበርን ይኽእል እዩ። ብዓቢኡ እቲ ጥበብን ስነ-ፍልጠትን ናብ ኩሉ ክባጻሕ ስለ ዘለዎ፡ መደብ ፍረ ጻዕሪ ካብዚ ብዝበለጸ ክትሰርሑ እላወበኩም፡" ብምባል መግለጺኡ ዛዚሙ።

ጽንዓት ይብራህ






## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ምድላው ኣልጫ ብ ጉዕ ባናና

#### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 1 ኪሎ ግራም ጉዕ ባናና
- 2 ዓካር ማእከሎት ሽጉርቲ
- ዘይቲ ከም ኣድላይነቱ
- ጉዕ፡ ኣዝማሪኖ፡ ፐርሰሜሎ፡ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ጨው ከም ኣድላይነቱ

#### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

ሽጉርቲ ንቑመት ተመቲሩ፣ ጉዕ ባናና ድማ ተሓጺቡ፣ ተቐሪፉ፣ ተመቲሩ ብዘይቲ ይቕሎ። ክልቲኡ፡ ክሳዕ ዝበስል ጽቡቕ ጌርና ነወሃህዶ። ቀጺልና ኮመደረ ብዝደለናዮ ቅርጺ መቲርና ነእትዎ። ምስ ተወሃሃደ፡ ነቲ ጉዕ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ፐርሰሜሎ፡ ሮዝማሪኖ ከምኡ'ውን ጨው ነእትዎ። ብድሕሪ'ዚ ብስል ምስ በለ ንመግቢ ድሉው ይኸውን።

መወከሲ፡- መወከሲ፡- ወሰኽ ክብሪ ባናና ታሕሳስ 2021



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም   ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ምቕሊት ድሕሪ ፍትሕ ብኸመይ፧

## "ኣሞኡ መትከሊ እግሪ ኢላ ብዝሃበቶ ሰልዲ፡ ድሕሪ ሓዳር ታክሲ ገዚኡ'ሞ፡ እዛ ታክሲ ክትምቀል ድያ፧"



ኣማኻሪት፥ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊ፥ ሄለው ከመይ ውዒልኪ። መሓሪ እብሃል ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ መሓሪ ከመይ ውዒልካ፧ እንታይ ክሕግዘኻ፧

ደዋሊ፥ ምኽሪ ደልየ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ መርሓባ መሓሪ እሰምዓካ ኣለኹ ቀጽል።

ደዋሊ፥ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዘመርዓናዮ ዝፈትዎ ዓርከይ ሽግር ኣጋጢሙዎ። ኣብ ከቢድ ጭንቀት ኣሎ'ሞ፡ 'ብዓቕመይ እንታይ ክሕግዞ እኽእል፡' ብምባል'የ ምኽሪ እንተ ረኺብኩ ናባኹም ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ እሙን ዓርኪ ኣብ እዋን ሽግር ደው ዝብል'ዩ እሞ ጭንቀት ዓርክኻ ከተፉኹስ ኣብ ጐድኑ ደው ምባልካ ዝምስገን እዩ። ዓርክኻ እንታይ ድዩ ኣጋጢሙዎ፧

ደዋሊ፥ ኣብ ሓዳሩ ዘራጊቶ ኣትዩዎ ኣሎ። ብቐንጠ መንጢ ዝጀመረ ዘይምርድዳእ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ጥርዚ በጺሑ ናብ ፍትሕ ኣምሪሑ።

ኣማኻሪት፥ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዘይምርድዳእ ክፍጠር ንቡር እዩ። ናብ ፍትሕ ዘብጽሕ ዘይምርድዳእ ግን ብቐንጢ መንጢ ኢልካ ዝሕለፍ ኮይኑ ኣይስምዓንን። እስከ መሓሪ እቲ ዘየረዳድኦም ዘሎ ጉዳይ ኣብርሃለይ፧

ደዋሊ፥ ኣብ ዝተዓጽወ ማዕጾ ክንዅሕኵሕ ኴንና፣ ሕጂ ብዛዕባ ዘየሰማምዖም ጉዳይ ምዝራብ ትርጉም የብሉን። ምኽንያቱ ኣዝዮም ለባማትን ዓበይትን ሽማግለታት ክልምኑ ብዙሕ ድሕሪ ምድካሞም፡ ፍረ ምስ ሰኣኑሉ ፍትሕ ወሲኖም እዮም። ብሓደ ኢድ ዘይጣቓዕ ኮይኑ እምበር፡ ምስኪናይ ዓርከይ "ሓዳረይ" ምስ በለ እዩ ነይሩ። ግን ኣይኮነሉን፣ ብዓልቲቤቱ ፍትሕ ኢላ ኣቕቢጻ። ዓርከይ ድማ ዕረ እናጠዓሞ ንውሳነ ሽማግለታት ተቐቢሉዎ እዩ።

ኣማኻሪት፥ ፍትሕ እንተ ተቐቢልዎ ደኣ ሕጂ ዘጨንቖ ዘሎ እንታይ እዩ፧

ደዋሊ፥ 'ኣድጊስ ካብ ምማታ ምጉታታ' ድዩ ዝተባህለ፡ ድሕሪ ፍትሕ ዘሎ ሰዓቦ ጉቶቶ መሊሱ ተወሳኺ ጭንቀት ፈጢሩሉ ኣሎ።

ኣማኻሪት፥ እስከ ኣብርሃለይ መሓሪ።

ደዋሊ፥ ጉዳይ ምቕሊት ንብረት እዩ። እቲ ብሓባር ዘጥረዩዎ ንብረት ዋላ ኵሉ እንተ ወሰደቶ ብዙሕ ኣየሕስቦን እዩ። ናይ "ዓርኪ ገይርካዮ" ደኣ ከይትብልኒ እምበር፡ ዓርከይ ኣዝዩ ቅኑዕ ሰብ እዩ። ምስሕሓብ ዘይፈቱን ገዳፍን እዩ። ንዓርከይ ዘሕስቦ ዘሎ ቅድሚ መርዓ ካብ ኣሞኡ ዝተዋህቦ ውህብቶ እዩ።

ኣምኻሪት፥ መሓሪ ቅድሚ መርዓ ዝነበረ ንብረት እኮ ኣብ ግዜ ምቕሊት ድሕሪ ፍትሕ ውልቃዊ ንብረት ናይ ዋናኡ እዩ ዝኸውን።

ድዋሊ፥ ሓቕኺ ብዛዕባ እዚ ንሕና'ውን ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ናይ ዓርከይ ጉዳይ ፍልይ ዝበለ እዩ።

ኣማኻሪት፥ ከመይ ማለትካ እዩ፧

ደዋሊ፥ ኣሞኡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት መርዓኦም "ክንዲ ሰብ ኣኺልካ ኢኻ'ሞ መትከሊ እግሪ ይኾነካ፡" ኢላ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ሂባቶ ነይራ። በቲ ዝሃበቶ ገንዘብ ገይሩ ድማ ድሕሪ መርዓ ታኽሲ ገዚኡ። ነታ ታኽሲ ብምክራይ ከኣ ሕልሙ ከግህድ ተበጊሱ። ብጀካ ናይ ቀረባ ኣዕርኽቱን ኣሞኡን፡ ነዚ ዝፈልጥ ካልእ ሰብ ኣይነበረን። ኣሞኡ ነቲ ገንዘብ ክትህቦ ከላ፡ ሓደ ወዲ መዋቲ ሓዋን ዘይተመርዓወን ብምንባሩ እያ ሂባቶ። ኣብ ስድራቤት ሕማቕ ስምዒት ከየለዓዕል ድማ ዳርጋ ብምስጢር እዩ ተታሒዙ። ዓርከይ ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ኣዝዩ ዝነኣድ ሰብ እዩ። ነቲ ህያብ ገንዘብ ሓንቲ ናቕፋ'ውን ትኹን ከይየልዓለ እዩ ኣብ ባንኪ ኣቐሚጡዎ ጸኒሑ። ዋላ ኣብ መርዓኡ'ውን እንተኾነ ትንክፍ ኣየበሎን። ሓንሳብ ሓንሳብ ክሸገር ከሎ፡ ንሕና'ውን "ገንዘብ ከለካስ ክንድ'ዚ ትጸገም፧" እናበልና ንዛረቦ ነይርና። እንተኾነ "ኣሞይ ኢዳ ኣይሰብራን እየ። ከምታ ትምኒታ መትከሊ እግሪ ዝኸውን ድሕሪ መርዓይ ገለ ነገር ክገብረሉ'የ፡" ብምባል ይምልሰልና ነይሩ። ቃሉ ከኣ ኣይየዕበረን። ክራይ ናይታ ታኽሲ እውን እንተኾነ ትኽ ኢሉ ኣብ ባንኪ እዩ ዘቐምጦ። ሓቂ ይሓይሽ ናይ ዓርከይ ጉዳይ ዋላ ንኣይ እዩ ዘየቕሰነኒ። ከምቲ ሕጊ ዝብሎ 'ኣብ ሓዳር ዝጠረየ ንብረት ናይ ሓባር እዩ' እንተኾይኑ፡ 'ታኽሲ ድሕሪ መርዓ ተጠርያ' ብዝብል ርድኢት ዓርከይ ኣዝዩ ክህሰ እዩ። እዚ እዩ ከኣ ንዓርከይ ኣብ ርእሲ ጭንቀቱ ተወሳኺ ጸቕቲ ፈጢሩሉ ዘሎ። "ገንዘብ ኣሞይ ንኾንቱ ፋሕ ፋሕ ክብል እዩ፡" ብምባል ሰለም ከየበለ ይሓድር ኣሎ።

ኣማኻሪት፥ ውላድ ኣሎዎም ድዩ፧

ደዋሊ፥ የብሎምን። ንሳ ግን ሕጋዊት ብዓልቲቤቱ ስለ ዝኾነት ምቕሊት ክትሓትት እያ።

ኣማኻሪት፥ መሓሪ ሕጊ ዘየሻሩ መትከል እኳ እንተ ሃለዎ፡ ብሰንኪ ሕጊ ዘይምፍላጥን ኣገደስቲ ሰነዳት ዘይምዕቃብን ግን ብዙሕ ሃሰያ ክወርድ ንዕዘብ ኢና። ሕጊ ከም ናይ ብዓል ዓርክኻ ጉዳያት'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ካብኡ ዘድልዩ ረቛሒታት/ሰነዳት እንተ ኣጉዲሉ ግን ክህሰ ይኽእል እዩ።

ደዋሊ፥ ከመይ ማለትኪ እዩ እስኪ ኣብርህለይ።

ኣማኻሪት፥ ዓርክኻ ቅድሚ መርዓ ብህያብ ዝተዋህቦ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ናይ በይኑ ምኻኑ ፍሉጥ ኮይኑ፡ ኣሞኡ ዝሃበቶ ገንዘብ'ውን ቅድሚ መርዓ ዝነበረ ህያብ ስለ ዝኾነ፡ ናይ በይኑ ይኸውን ማለት እዩ። በቲ ናይ በይኑ ህያብ ዝጠረየ ንብረት'ውን ናይ በይኑ እዩ። ኣብዚ ግን ዓርክኻ ከቕርቦ ዘሎዎ ሰነዳት ወይ መርትዖታት ኣሎ። ንሳቶም ድማ፥

1. ሕጋዊ ሰነድ/ምስክር እቲ ውህብቶ ቅድሚ መርዓ ምንባሩ፣

2. መረጋገጺ ሰነድ እታ ታኽሲ በቲ ውህብቶ ገንዘብ ከም ዝተገዝአትን፣

ነዚ ሰነዳት ምስ ዘቕርብ ዓርክኻ ዝህሰ ኣይመስለንን።

ደዋሊ፥ እንታይ ትብሊ! ኣዝዩ ኣገዳሲ ሓበሬታ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ምስ ዓርከይ ክንዛራረብ ኢና። ሰነድ እንተ ተሳእነ ምስክር ግን ኣይስእንን ይኸውን። እዚ ሓበሬታ ፍጹም ኣብ ኣእምሮና ዘይነበረ እንድዩ፡ ንዓርከይ እፎይታ ከም ዝፈጥረሉ ድማ ኣይጠራጠርን።

ኣማኻሪት፥ መሓሪ ጭንቀት ንኹሉ ኣማራጺታት ዓጽዩ ኣብ ማሕዩር ዘእቱ ሓደገኛ ክስተት ስለዝኾነ መጀመርታ ዓርክኻ ካብ ጭንቀት'ዩ ክናገፍ ዘሎዎ። ብኣካል ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ብምኻድ ድማ ብዙሕ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ደዋሊ፥ ይበሎ! ንሕና'ውን ንሱ እዩ ትምኒትና። ከምቲ ዝበልክዮ ኣብ ጭንቀት ጥሒሉ ስለ ዘሎ እዩ ኵሉ ኣማራጺታት ዝተዓጽወ ከይኑ ተሰሚኡኡዎ። ሕጂ ዝሃብክኒ ሓበሬታ ግን ኣዝዩ ሓጋዚ ስለዝኾነ ንኹላትና ሩፍታ ዝፈጥር እዩ። ኣዝየ ከኣ ኣምስግነኪ። ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪት፥ ገንዘብካ መሓሪ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

## ልቦና

### ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

*ምስጢራዊት ሳጹን*

ንልዕሊ 60 ዓመት ብፍቕርን ስኒትን ዝነበሩ ሰብ ሓዳር ነበሩ። ኵሉ ነገራት እናተኻፈሉ'ዮም ህይወቶም ዝመርሑ ነይሮም። ብዘይካ እታ ሰበይቲ ትጥቀመላ ምስጢራዊት ሳጹን ብዛዕባ ኵሉ ጉዳያት ይዛረቡ። እታ ሰበይቲ ንብዓልቤታ ብዛዕባ እዛ ምስጢራዊት ሳጹን ከይሓታን ከይከፍታን መጠንቀቕታ ሂባቶ'ያ። ከም ቃላ ንሱ'ውን ኣይሓተታን ኣይከፈታን። ብዛዕባ እዛ ምስጢራዊት ሳጹን ምሕሳብ'ውን ገደፎ።

ድሕሪ ነዊሕ ናይ ሓዳር ምቁር ዓመታት እታ ሰበይቲ ብጽኑዕ ሓሚማ ናብ ሆስፒታል ኣተወት። ብዓልቤታ ድማ ምስጢር ናይታ ሳጹን ክፈልጥ ብምባል፡ ናብቲ ደቂሳትሉ ዝነበረት ዓራት ሒዝላ መጸ። እታ ሰበይቲ ድማ "ፍቑረይ ሎምስ ሓቅኻ ኢኻ። ማዕጾ ናይዛ ምስጢራዊት ሳጹን ዝኽፈተሉ ሰዓት ኣኺሉ'ዩ፡" ብምባል ንኽኸፍታ ፈቐደትሉ። ምስ ከፈታ ክልተ ብኢድ ዝተሰርሓ ባምቡላን 95 ሽሕ ዶላርን ጸንሖ። ምስጢሩ ንምፍላጥ ድማ፡ "እንታይ ድኣሉ እዚ፡" ክብል ብምግራም ሓተታ።

"ኣብ ግዜ መርዓና፡ ዓባየይ ምስጢር ጽኑዕ ሓዳር ብምባል፡ 'ዛ ጓለይ ሓዳር ዝጸንዕ ምቍያቕ ምስ ዘይህልዎ'ዩ። ብዓልቤትኪ ምስ ዝሕርቐኪ ፈጺምኪ ከይትማጐቲ። ፈትልኺ ብምሓዝ ባንቡላ ስፈዩ፡" ኢላትኒ። እቲ ሰብኣይ ነዚ ምስ ሰምዐ ንብዓት ቍጽርጽር ኣበለ። 'እዚ ኵሉ ዓመታት ብሓደ ገይርና ክልተ ግዜ ጥራይ'ያ ሓሪቓትለይ ትፈልጥ፡' ብምባል ብሓጐስ ክትኩስ ደለየ። "ፍቕርተይ ምስጢር እዘን ክልተ ባምቡላስ ሕራይ ነጊርክኒ። እዚ 95 ሽሕ ዶላርከ ድኣ ካበይ ዝመጸኣ፧" በላ።

"ወይለይ ዘይነገርኩኻ፣ እዚ ገንዘብ፡ እተን ዝሰራሕኩወን ባምቡላ ሸይጠ ዝኣከብኩዎ'ዩ፡" በለቶ።

***

*ህይወት*

ሓደ መምህር ንተመሃሮኡ ናይ ህይወት ትምህርቲ ክምህሮም ሓለነ። ማይ ዝመለአ ጎማ ሒዙ ናብቲ ክፍሊ ብምእታው፡ "እዚ ማይ ክንደይ ሊትሮ ይኸውን፧" ክብል ሓተቶም። ካብ ክልተ ክሳዕ ኣርባዕተ ሊትሮ ዘሎ ቍጽሪ ብምርቋሕ ግምቶም ገለጹ። እቲ መምህር ድማ፡ "እቲ ልክዕ ሚዛኑ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እቲ ኣገዳሲ ንኽንደይ ግዜ ክሒዞ ይኽእል'ዩ፡" በሎም። ወሲኹ፡ "ንሓደ ደቒቕ እንተ ተሰኪመዮ ጸገም የብሉን። ንሓደ ሰዓት ምስ ዝስከሞ የማናይ ሸነኽ ቅልጽመይ ቃንዛ ክስምዓኒ'ዩ። ንሓደ መዓልቲ ምስ ዝስከሞሞ ብርግጽ ኣምቡላንስ ክትጽውዕለይ ኢኹም። ኣብ ሚዛኑ ዝተቐየረ ነገር የለን። ዝተሰከምኩዎ ንውሓት ግዜ ክውስኽ ከሎ'ዩ እቲ ክብደቱ ዝብርትዓኒ፡" ብምባል ይከታተሉዎ ከም ዘለው ንኽፈልጥ ኣዒንቱ ብምዛር ተዓዘቦም።

ድሕሪ ሒደት ዕረፍቲ፡ "ናይ ህይወት ጾርና'ውን ምስዚ ማይ ተመሳሳሊ'ዩ። ይንውሓ ይሕጸር ብዘየገድስ እቲ ጾር ክኸብደና እዩ። ነቲ ማይ ንነዊሕ ሰዓታት ክንስከሞ፡ ንሒደት ደቓይቕ ኣቐሚጥና ዕረፍቲ ንወስድ። ብድሕሪኡ ደጊምና ንስከሞ። ነቲ ናይ ህይወት ጾርና'ውን ሓንሳብ ነራግፎ። ኣእምሮና ነሐድሶ። ኣብ ስራሕ ሽግር ተጓኒፍና ንገዛና ኣይንማልኣዮ። ኣብዛ ሰዓታ ዘሎና ጾር ካብ መንኩብና ነራግፎ። ነዕርፍን ንዛነን፡" ክብል ምኽሩ ለገሰሎም።

***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ዘውዲ ሃይለ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተማርያም ወልደኣብ ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ፍ ጎይትኦም ደባስ ፍ/ራት ለተብርሃን መሻሾ ሻንገል 1. ጸገረዳ ጎይትኦም ደባስ 2.ሃይማኖት ጎይትኦም ደባስ 3. ነጋሲ ጎይትኦም ደባስ፣ ብዕለት 06/07/26 ገዩራ ናይ ፕዝዘብ ምልክታ ስለ ዝመሰረተት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ ጎይትኦም ደባስ ፍ/ራት ለተብርሃን መሻሾ 1.ተወልደ ጎይትኦም ደባስ 2.ነ/ፍ ሰለሙን ጎይትኦም ደባስ 2.1 ባትሰባ ሰለሙን ጎይትኦም 2.2 ኣቢሳግ ሰለሙን ጎይትኦም 2.3 ሬም ሰለሙን ጎይትኦም 2.4 ሚልኪያስ ሰለሙን ጎይትኦም 2.5 ቢንያም ሰለሙን ጎይትኦም፣ ናይ ፕዝዘብ ምልክታ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ/38 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ደቀምሓረ

ኮኾብ በየነ ተኽለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ምሲጋ ዘርኦም በየነ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ተማሰገን ተወልደ ተስፋዝጊ፡ ተኸሳሲት ኑርያ ሳልሕ ዑመር፡ ብወኪሉ ተወልደ ተወልደ ተስፋዝጊ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ ዞባ 04 ቁ.ገዛ 2 ቁ. ሎታ 27 ኣብ 280 ት/ሜ ዝተደኮነ ብ1.600.000.00 (ሓደ ሚልዮንን ሽድሽተ ሚእቲ ሽሕን) ዝዓደኽዎ ናብ ስመይ ከመሓላለፈለይ ዝበል ክሲ ቀሪቡልክን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይ ቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ገብርሂወት ኣበበ ሃብተገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ኣሮን ኣበበ ሃብተገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲት ወ/ሮ መና ማሕሙድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤፍሬም ገብረትንሳኤ፡ ናይ ሲቪል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ሕሩይ መሓመድ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ሕሩይ መሓመድሓጎስ መሓመድኑር ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኢስማዒል መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ኢስማዒል መሓመድ ኢስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


### ምስጋና



ብሞት ብማስዋእቲ ኣዚና እንፈቅሮ ገዳም ተጋ/ ብርሃ ኣብርሃም ኢያሱ (ከበርቴ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ማስዋእቱ ናብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፣ ናብ ገዛና መጺእኩምን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ጎረባብቲ ቤተሰብን ብፍላይ ደቂ ዓዲ ሰገደን ቤተ ክህነትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ተ/ጋ ፍረወይኒ ገብረስላሴ ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ ቤትን

### ምስጋና



ብማስዋእቲ ብዓልብቤተይ ተጋዳላይ ጸሃዮ የማነ ኣርኣያ፡ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ከምኡ'ውን ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘንና ከም ዝዓጸና ብምግላጽ ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ተጋዳሊት ኣበባ ሓጎስ ገብረክርስቶስ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ብልቢ እንፈቅራ ኣባል 7ይ ዙርያ ክብርቲ ኣዴናን ሓፍትናን መም/ ሰናይት ሓየሎም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎና ከይተፈለኹም፡ ምስ ዓረፈት ድማ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ዘቃበርኩምና ቤተ ክህነት፡ መማህራን ቤት ትምህርቲ ፊላንድ ሚሰዮን፡ ኣባላት ክ/ሰ 16.4 ከምኡ'ውን መሓዙታትን መተዓብይታን ሰራሕተኛታት መደበር፡ ካብ ወሸጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃ ሚሮን ኣብርሃን ኣሰይ ኣብርሃን
ኣሕዋታ በርሀ ሓየሎምን ሳምሶም ሓየሎምን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ብዓልብቤተይ ጆሜትራ በረኸት ዑቕባሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ተራእምኒ ን/ዞባ ደባርዋ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሸጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፡ ኣሕዋት ቤተሰብ ፈተውቲ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዓጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዝማም ማስፍን ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራ ቤትን

ብስም ነ/ሄር ሰዒድ ዑስማን ዋኘው፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ፕሎት 16 ፓርሰል ኣይ ስፍሓት 611.30ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 43396-66696 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ፡ ብውርሲ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተለ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣመልካቲት ሐሲን ዑስማን

ብስም 1.መርየም መሓመድኑብርሃን 2. ወሊድ መሓመድዑመር መሓመድ፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ፕሎት 2 ፓርሰል H ስፍሓት 80. ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 1BRASM001746 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓናጊት ኣስካሉ ደበሳይ ኣልመደም ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተለ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣስካሉ ደበሳይ ኣልመደም

ሰረት ብርሃ ተስፋይ፡ ዓዋይ ጽጋይ ወልደዝጊ ገብረስላሴ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ምም/ን/ዞ/ገጀረት፡ ከባቢ 01፡ ጎደና ብደሆ ዚፕ ኮድ 1A171 ፕሎት 82 ዝተደኮነ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪ ብቁ.ውዕል 4234/2003 ናብ ስማ ዝተሰጋገረ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ብASD00018318 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣብ ቅድሚ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ብምቕራብ ብዕለት 24/01/2026 ውዕል ወሃብቶ ዝገበረትለይ ኮይና፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ይግበኣይ ተባሂሉ እንተኒይሩ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ማእከል የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወኪል ኣቶ ኣብርሃም ክፍለጼን

ሰረት ብርሃ ተስፋይ፡ ዓዋይ ጽጋይ ወልደዝጊ ገብረስላሴ፡ ነቲ ብ ዞባ ዓንሰባ፡ ከተማ ከረን ከባቢ 05፡ ጎደና 750/771 PID 0414: ዚፕ ኮድ 6K-1199፡ ፕሎት 28፡ ፓርሰል A ዝተደኮነ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ. BRKN000638 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣብ ቅድሚ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ብምቕራብ ብዕለት 24/01/2026 ውዕል ወሃብቶ ዝገበረትለይ ኮይና፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ይግበኣይ ተባሂሉ እንተኒይሩ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ክፍሊ ተኽኒክ ዞባ ዓንሰባ ከረን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ወኪል ኣቶ ኣብርሃም ክፍለጼን

ንሕና 1.ፍዮሪ ተኽለ ካሕሳይ 2.ናጽነት ተኽለ ካሕሳይ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ምም/ከባቢ መጠራ ዞን 5 ፕሎት 9 ፓርሰል J ዝርከብ፡ ስፍሓቱ 275 ት/ሜ ዝኾነ፡ መዳውብቱ ብዝምልከት ብሰሜን ምስ ክፉል ፓርሰል G ብደቡብ ስም ፓርሰልH ብምብራቕ ምስ ፓርሰል I ብምዕራብ ምስ ህዝባዊ ጎደና ዝዳወብ፡ ብስም ወለድና ኣቶ ተኽለ ካሕሳይን ኣፍ/ ወ/ሮ ብርሃና ኣብርሃ ተፈሪን ዝተመዝገበ፡ ምስ ወላዲና ኣቶ ተኽለ ካሕሳይ ዝተገብረ ምቅሊት መሰረት፡ እታ ብጽሒት ወላዲትና ጠቕላላ ስፍሓት 137.5ት/ሜ ናብ ስምና ከመሓላለፉ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተለ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግበኣይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ተኽኒክ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከነፍጽም ምዃንና ንሕብር።

1.ፍዮሪ ተኽለ ካሕሳይ 2.ናጽነት ተኽለ ካሕሳይ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Projects Field Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Supervise different projects at the same in a 'hands on' role with several both skilled and semi-skilled national artisans to construct new buildings (Steel Structures, Electrical Civil Works, Pipelines and Excavations) whilst using equipment and personal available on the Mine.
- Perform regular Safety Inspections, following a scheduled work plan, reporting back on work progress and ensuring costs are within the budget. In addition, position is responsible for identifying and order relevant parts and materials required for construction, following site procurement procedures.
- The position will include overall civil, structural, electrical and mechanical construction responsibilities ensuring all works carried out are done in a safe manner, Engineering Standard, in compliance to site HSEC regulations.
- The position also includes identifying and carrying out standard material used and QAQC in Project implementation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Plan, forecast, and monitor project schedules, budgets, and resources.
- Interpret civil, structural, mechanical, and electrical drawings for project execution.
- Coordinate with contractors, engineers, and project teams to ensure timely delivery.
- Prepare progress reports, cost estimates, and bill of quantities.
- Ensure projects remain within budget and aligned with objectives.

**Implementation**

- Execute projects efficiently across all disciplines while minimizing downtime.
- Ensure compliance with safety standards, PPE requirements, and mine regulations.
- Identify and mitigate project risks and issues.
- Ensure installations comply with standards and IFC drawings.
- Maintain quality control and approve revisions/documentation changes.

**Reporting & Documentation**

- Prepare daily progress and action reports.
- Use MS Project for planning and tracking.
- Maintain accurate project, commissioning, and handover documentation.
- Communicate effectively with clients, suppliers, and stakeholders.

**Team Management**

- Supervise, support, and motivate project teams.
- Conduct toolbox talks and safety/training sessions.
- Apply leadership, time management, and problem-solving skills.
- Provide technical guidance and hands-on support to team members.

**Unique requirements/other information**

- Skills: Project Engineers should have strong technical skills in engineering principles and practices. Candidate must be Medically and Physically fit.
- They should also have excellent communication and leadership skills, problem-solving skills, attention to detail, time management skills, and flexibility.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Must have degree or diploma in engineering, construction management, or related field.<br>• 10+ years' experience in project management, with a focus on construction projects.<br>• Proven ability to manage multiple projects simultaneously within budget and timeline constraints. | • 10 years relevant experiences in construction with in Process Plant Industry<br>• Experience: Previous experience in engineering or project management is typically required. The amount of experience required may vary depending on the project's complexity.<br>• A Project Engineer is responsible for managing a project's engineering and technical aspects. This includes coordinating with various teams, managing schedules, ensuring adherence to quality standards, and providing technical guidance to team members. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Mechanical and Maintenance experience & MS Project Skills<br>• Attention to detail and Analytical skill<br>• Problem solving skill<br>• Supervisory Experience<br>• Strong understanding of construction methods and materials. | • Excellent Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations and Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of Accuracy<br>• Self-motivation and Dedication to safety<br>• Time Management and Leadership |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

---

ብስም ወ/ሮ ትርሓስ ኣብርሃ ተኽለ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-5894 ቑጽሪ መዝገብ DAR-5430 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካ ዝርከብ ናይ GAC-GCt ትካሊዩ፡ ንኣቶ ኣማኒኤል ተኽለሃይማኖት ስብሖቱ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ሓይካ ተለፎን 07508313 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 31/06/2028 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ትርሓስ ኣብርሃ ተኽለ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Senior Welding & Fabrication Trainer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**
**Major Duties and responsibilities**

- Assist the mine maintenance training coordinator to develop and implement a competency-based Welding and fabrication training system.
- Perform general training for trainee boilermakers and supervise the development of technicians and local staff.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Prepare training packages, administer to all welding and fabrication tradesmen and trainees.
- Monitor development progress of technicians and ensuring compliance with established integrity guidelines.
- Compile data and maintain orderly training records of welders.
- Ability to work a 1st shift schedule and 2nd shift intermittently for business needs.
- Teach a variety of welding and fabrication technique courses with illustrative manuals and visualizations to technicians and trainees.
- Preparation of structured practical examinations with on-the-field training to ensure welders have practical experience of the various teaching experience.
- Provide industry level quality plate, structural steel, and pipe welding etc. instruction in accordance with various industry codes and regulations.
- Establish welding and fabrication apprenticeship or traineeship program for local staff to support local labor pool to source from for future business needs.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma in Welding Technology or Mechanical Engineering<br>• Diploma in Workplace Training and Assessment in Mining |
| Working Experience – Nature & Length | • 8 years' experience in large scale open-pit mines with 5 years' experience as a boilermaker.<br>• 4 years' experience as a Welding & Fabrication Trainer.<br>• Understanding of Gas Handling procedures<br>• Gas Standards<br>• Must possess at least one industry credential from any internationally recognized welding certification body.<br>• Welding applications skills in highly mechanical environments.<br>• Competency with computers and Microsoft Office Suite<br>• Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. This includes the correct use of safety devices and protective equipment, prompt reporting of any hazardous situations, which they cannot themselves correct, making the necessary changes to eliminate or control the hazard and report immediately any accident or injury which arises in the course of their work.<br>• Experience working in Africa |
| Technical Skills | • Strong Supervisory skills. Get things done attitude.<br>• Train and develop local staff<br>• Plan, organize and execution skills<br>• Understand Machine capabilities and productivities.<br>• Valid Driver's License |
| Behavioral Skills | • Safety leadership by example<br>• Ability to work in developing countries<br>• Ability to work under pressure with challenging targets<br>• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented<br>• Ability to multitask<br>• Demonstrated team building and mentoring skills<br>• Demonstrated training and people development skills<br>• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.<br>• Good interpersonal skills with positive attitude. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**


- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## Notice

Notice is hereby given to the public that Yantai Jinpeng Mining machinery Corp.Ltd. It is Chinese company.
All Members are Chinese
1. To open branch office in Asmara .
2. The authorized capital of the company is 50,600,000 Yuan(Fifty million six hundred thousand Yuan)
3. The company is authorized to perform work of mining business as per the Eritrean Laws and practice.
4. Mr.Liu Bo is the general manager of the company, he is authorized to act behalf of the company.
5. The branch office of the company for unlimited time.

Yantai Jinpeng Mining Machinery Corp.Ltd



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

## ሓምሻይ ክፋል

መምህር ቀጺሎም፡ “ሕራይ ተመሃሮ፡ ዝኾነ ሓሳብ የብልኩምን፤ እቲ እትምልስዎ መልሲ ኩሉ ግዜ ቅኑዕ እዩ ማለት ኣይኮነን። ገለ ምኽሪ ሃብዎ። ‘ከምዚ እንተ ገበርካ ይሓይሸ’ ክትብልዎ ትኽእሉ ኢኹም፡” ተመሃሮ ንኽተባብዕዎ ተዛረቡ።

“መምህር ኣነ ክፍትን፡” በለት እታ መወዳድርቲ ናሆም ዝኾነት ንፍዕቲ ተመሃሪት።

“ሕራይ ናኦሚ ዕድል ሂበኺ ኣለኹ፣ ምኽርኺ ለግስሉ፡” መምህር ንኽትምልስ ዕድል ሃብዋ።

“መጀመርታ የቐንየለይ፡” ኩሎም ተመሃሮ ናይዛ ክፍሊ ንዝተዋህቦም ዕድል ኩሉ ግዜ ‘የቐንየለይ’ ብምባል እዮም



መልሲ ዝጅምሩ። “እዛ ኣደ መጀመርታ ብዛዕባ እቲ ሰብ ጠባዩ ክትፈልጥ ኣለዋ። እቲ ሰብ ምናልባት ተባኣሲ፡ ረባሺ፡ እንተ ኾይኑ ክትጥርጥሮ ትኽእል እያ። ጠባዩ ንኡድ እንተ ኾይኑ ግን ኣዚያ ተጋግያ ኣላ። ስለዚ፡ እቲ ሰብ ከረድኣ ክፍትን ኣለዎ። ክትርድኦ እንተ ዘይክኢላ ግን ክሓምም የብሉን። ‘በትሪ ሓቂስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን’ እንድዩ ዝብሉ ኣቦታት’” ኩሎም ተመሃሮ ሰሓቑ።

ናኦሚ ዘረብኣ ቀጸለት፡ “እቲ ሓቂ ሓደ መዓልቲ ክወጽእ እዩ። ሰራቒ ልምዲ ስለ ዘለዎ ምድጋሙ ዘይተርፍ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ሰብ ሰራቒ ንኽረክብ ክድቅስ የብሉን። ገለ ብልሓት ተጠቂሙ ክረኽቦ ክጽዕር ኣለዎ። እዚኣ እያ ሓሳበይ፡ ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ የቐንየለይ፡” ኮፍ በለት። መምህር ብኣገላልጻኣ ስለ ዝተሓጎሱ ኣጣቐዕሉላ። ኩሎም ተመሃሮ ድማ ምስ መምህሮም ኣጣቐዑ።

መምህር ክዛረቡ ጀመሩ፡ “ንፍዕቲ ናኦም፡ ከምዚ ክትብልዮ ዝጸናሕኪ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ሰብ ብዘይ ገበሮ ይዋረድ እዩ። እዚ ውርደት እዚ ሓቂ እንተ ዘይብሉ ምኽሽሑ ዘይተርፍ ስለ ዝኾነ ተሰፋ ክቑርጽ የብሉን። ከምዚ ኣብ ፊልምታት እትዕዘብዎ ኩሉ ግዜ መደናገሪ፡ ሓሳዊ… ኣይዕወትን እዩ። ከምቲ ናኦሚ ዝጠቐሰቶ ‘በትሪ ሓቂስ ትቐጥን እምበር ኣይትስበርን!’ ከም ዝበሃል ሓደ ግዜ እቲ ሓቂ ምቅልሑ ዘይተርፍ እዩ። እቲ ሰብ ግን ተሰፋ ክቑርጽ የብሉን። ክብርትዕን ክሕይልን ኣለዎ፡” መምህር ዘረብኦም ወዲኦም ናብ ናሆም ጠመቱ። ናሆም ድማ ከም ዝተረድኦ ንምርግጋጽ ርእሱ ነቕነቐ። ናይ ዕረፍቲ ግዜ ስለ ዝኣኸለ ድማ ደወል ተደወለት። መምህር ካብ ክፍሊ ምስ ወጽኡ፡ ኩሎም ተመሃሮ ዕረፍቲ ወጽኡ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ድማ ናሆም ገለ ብልሓት ክሓስብ ከይተረድኦ ዕረፍቲ ኣኸለ።

* * *

ደቂ ገዛውቱ ንናሆም፡ ኣብታ ኩሉ ግዜ ኩዕሶ ዝጻወቱላ ሜዳ ተኣኪቦም ኩዕሶ እግሪ ይጻወቱ ነበሩ። ናሆም፡ ናይ መጽናዕትን ናይ ጻውትን መደብ ስለ ዘለዎ፡ ናይ መጽናዕቱ መደብ ወዲኡ ናብቲ ደቂ ገዛውቱ ዝነበሩዎ ተጸንበረ።

“ናሆም ጨድዒ፡” በለ እቲ ብሓደ ዓመት ዝዓብዮ ጐረቤቱ። ኩሎም ደቂ ገዛውቶም ድማ ናብ ናሆም ገጾም ጠመቱ። ብዘይ ንሱ ናሆም ብዙሕ ኣብ ጸወታ ስለ ዘየድህብ ደቂ ገዛውቱ ኣይፈትውዎን እዮም።

ናሆም ብዘረባ ወዲ ገዛውቱ ተገሪሙ፡ “እንታይ ኢልካ ግርማይ፧” ሓተተ። ዘረብኡ ሰንባደ ፈጠረሉ።

“ጨድዒ ኢለካ፡” ናብ ደቂ ገዛውቱ ብርእሰ ተኣማማንነት እናጠመተ ተዛረበ።

“ስለምንታይ፧” ሓተተ ናሆም ገጹ ከሰል መሲሉ እንከሎ።

“ጨድዒ ስለ ዝኾንካ። ንስኻ እንዲኻ ካብ እንዳ ማማ ጉየይ ዝሰረቕካ። ማማ ጉየይ ነጊረናኒ እየን፡” ብንዕቀት ተዛረበ።

“ኣነ ከምኡ ኣይኮንኩን። ምናልባት ንስኻ ጌርካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣነ ግን ነቲ ሰርቂ ኣይፈጸምኩዎን። ቅድሚ ሕጂ ድማ ኣነ ኣይኮንኩን ብሰርቂ ኩዕሶ ተታሒዘ ነይረ።”

“እንታይ ኢልካ!፧” ግርማይ ብሕርቃን ክሃርሞ ተጓየየ።

“ስለ ምንታይ ደኣ ሓሪቕካ። ሰራቒ ስለ ዝኾንካ ድዩ፤ ንኣይ ጽቡቕ ገይርካ ትፈልጠኒ ኢኻ፡” ናሆም ብሕርቃን ተዛረበ።

“ደሓን ካልእ መዓልቲ ክርእየካ እየ። ሰምዑ ምስዚ ሰብ እዚ ዋላ ሓደ ሰብ ኩዕሶ ከይጻወት፡” ንደቂ ገዛውቱ ብዕድመ ስለ ዝዓብዮም ትእዛዝ ሃበ።

ደቂ ገዛውቱ ብሓባር፡ “ሕራይ” ኢሎም መለሱሉ።

“ሕጂ ድማ፡” ግርማይ ዘረባ ቀጸለ፡ “ኩላኹም ጨድዒ በልዎ፡” ክምስታ ኣሰንዩ ካልኣይ ትእዛዝ ሃበ።

ይቕጽል..

# ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | ■ | 3 | | 4 | ■ |
| | ■ | 5 | | | ■ | 6 | |
| 7 | 8 | | ■ | 9 | 10 | | ■ |
| ■ | | ■ | ■ | ■ | | ■ | 11 |
| 12 | | 13 | ■ | 14 | | 15 | |
| | ■ | 16 | | | ■ | 17 | |
| 18 | 19 | | ■ | 20 | 21 | ■ | ■ |
| ■ | | ■ | ■ | ■ | 22 | | |

### ንትኹል

1. ሸነኽ፡ ኣንፈት፡ መዳይ
2. ንመቃጸሊ ሓዊ ዝኸውን ፈሳሲ
3. ብርሃን እትህብ ጠፈራዊት ኣካል
4. ኣዋህልል፡ ኣኩብ፡ ኣጠራቕም
8. ወፈያ፡ ምጠዋ፡ ሞባእ
10. ናይ ጥንታዊት ሮማን ግዝኣታ ዝነበረ ቋንቋ
11. ደላይ ኩሉ፡ ባህጊ ዘለዎ
12. መልሲ ሃበ
13. ናይ ብዙሕ ተኾስታት ብሓደ ድምጺ ምስማዕ
14. ቅዲ፡ ሰውያ፡ ሞዳ
15. መደገፊ፡ ውሻል
19. ቀልጥፍ፡ ኣይትደንጉ
21. መንእሰያት ዝምልመሉላ ቦታ

### ንጋድም

1. ጥዑም፡ ልዙብ
3. መንዝዐ፡ ገበተ፡ ራሰየ
5. መጽረቢ፡ መቑረጺ ዝኸውን
6. ደም እትጭንጉዕ ኣካል
7. ንዓይ ንህበይ፡ ንዓዓ______
9. ካብ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ሽሓኒ
12. መለሳ፡ ለውጢ፡ ቅያር
14. ንኣኹም ፋንታኹም፡ ንኣና_____
16. መልሲ፡ ግብረ መልሲ
17. ማሕበረሰብ፡ ጥርኑፍ ህዝቢ
18. እንጀራ ካብ መጎጎ መውጽኢ
20. ንሱ ይበልዕ፡ ____ ትበልዕ
22. ጽዋእ

# ዕላል ክልተ ኣሕዋት



# ደቂ ኣንስትዮ

ሃ ማ ደ ኤ

የሴፍ ሃይለማርያም

## ኤርትራዊት ጀዌት - 'ወይዘሪት ዓለም' ንም'ኳን ተቋምት

ጉዕዞ ህይወት፡ ብብዙሕ ውረድ ደይብ ዝተመልኣ'ዩ። ንኹሉ ብዓያኻ ክትወጽኦ ከኣ ብወሸጣዊ ሰብኻ ክትሕየል ኣለካ። ወሸጥኻ ከይሓየለን ከይተበራበረን ግን፡ ክብጽሕ ዝኽእል መድረኽ ዓወት የለን። ከምቲ ሓጺን ንሓጺ ዝስሕሎ፡ ከምኡ'ውን ወርቂ ብሓዊ ሓሊፉ ወርቂ ምዃኑ ዝረጋግጽ፡ ሰብ'ውን ብሉጽን ዕውትን ዝኸውን ብመከራን ብድሆታትን ክሓልፍ እኽሎ እዩ።



እዛ ሃብሮም፡ ኣቡኣ ናይ'ዚ ክፍለጽ ዝጸንሐ ሓሳብ'ያ። ነቲ ኣብ ስድራቤታ ዘጋጠመ ብድሆ፡ ክትሃድመሉ ዘይኮነ ክትገጥሞ'ያ መሪጻ። ምርጫኣ ቅኑዕ ስለ ዝነበረ ከኣ፡ ጸገማት ስድራቤታ ክትፈትሕ ዝዘተበሰትሉ ጉዕዞ ተመሊሳ ተወሂቦኣን ዓቕማን ፈቲሻ ናብ ዓለማዊ መድረኽ ክትድይብን ክትዕወትን ኣኽኢሉዋ - ወይዘሪት ኣፍሪቃ 2023 ዝኾነት ኤርትራዊት ሰሊት ሃብተኣብ ተወልደመድህን።

ወይዘሪት ሰሊት፡ ሓንቲ ካብ'ተም ሓሙሽተ ዝፈረየት ስድራ እንዳ ኣቶ ሃብተኣብ ተወልደመድህን ኮይና፡ ካብ ማእከላይ መትብብር ዝነበሮም ስድራቤት'ያ ኣብ 1999 ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ ዓብያ። ኣቦኣ ኣቶ ሃብተኣብ ተወልደመድህን ሰራሕተኛ ኢንሹራንስ፣ ኣደኣ ኣፍ/ ሪት ወ/ሮ ኣድያም የውሃንስ ድማ ጆሜትራ ኮይኖም'የም፡ ድሌታ እናማልኡ ብልዑል ስድራቤታዊ ፍቕርን ኤርትራዊ ክብርታትን ኣዕቢያምዋ። ካብ ጸጋቓ መልክዓ ዝተላዕለ'ውን 'ጀዌት' - ብቋንቋ ብሌን ንጸባቐ ጓል ሄዋን ብዘውሉብ ናይ ቅብጥሮት ስም እናጸውዑ፡ ብልጽትን ርእሰ ምትእምማንና ሓፍ ዘበሎትን ወላዲ ክትተኣሎም ተመኽሮም ጓሰዮሜ፡ ኢያም'ውን ኣይሰኣኑን፣ ፍረ-ጻዕሮም ክሓፍሱ ኣብ ዝኽእልሉ ትሰፉው መድረኽ በጺሖም ኣለው።

ሰሊት፡ ዕድመኣ ንትምህርቲ ምስ ኣኸሉ፡ ወሉዱ ዝኽፈል ክፈሎምን ዝኣክል ሞራል ኣሰኺቕምን'ዮም፡ ክሳብ 2ይ ደረጃ ትምህርታ ትዛዝም፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥልያን ኣምሂሮምዋ። ኢያም'ውን ኣይሰበሩቶምን - ናብ ኮሌጅ ዘእቱ ነጥቢ ረኺባ፡ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒ ተጸንበራ፡፡ ቀዳማይ ዓመት ትምህርታ ዛዚማ ከኣ፡ ናይ ካልኣይ ዓመት ትምህርታ ንምክትታል፡ 'ኣፕላይድ ሳይንስ' ክተጽንዕ ወሲና። ኣብ መንጎ ግን ትምህርታ ኣቋሪጻ፡ ናብ ስደት ስለ ዝምረሐት፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ክፍለ ሃገር ቨርጂንያ ትቕመጥ ኣላ።

ሰሊት፡ ኣመራ ምስ ኣተወት፡ ጸገማት ናይ'ታ ናይ ኦቲዝም ስንክልና ዘለዋ ሚካል ዝተሰምዮት ምንኣስ ምንኣሳ ሓውታ ንምፍታሕ፡ 'ኒውሮሳይንስ' ዝተባህለ ዓውደ ትምህርቲ ከተጽንዕ'ያ መሪጻ። ዚ ዓውዲ ከተጽንዕ ዝመረጸትሉ፡ ብቐንዱ ካብ ንእሰይታ ብኩነታት ጥዕና ሓውታ ክትግደስ ስለ ዝጀመረት'ኳ፡ እንተ ኾነ ጸገማት ሀጻናት ናይ ምሕጋዝ ባህሪ'ውን ካብ ንእሰይታ ስለ ዝነበራ፡ ተማሂራ ነቲ ጸገም ናይ ምፍታሕ ልዑል ጥሙሕ'ዩ ኣበጊሱዋ። ኣብ ኤርትራ ከለ'ውን ኣብ ከጠብኣ ዝነበሩ ክሳብ ሰላሳ ዝኾኑ ጸገማት ህጻናት ኣኪባ፡ ትሕግዞምን ስፖርት ተጻውቶምን ነይራ'ያ። ናብ ደገ ምስ ከደት ከኣ፡ ከም ኣደ፡ ሓውቲ፡ መማህርን ኣላዩትን ኮይና፡ ንጸማምቲ ሓውታ እናተኸታተለት፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ምርምር ዝቶደሉ ዩኒቨርሲቲ ጆርጅ መይሰን ኒውሮሳይንስ ኣጽኒዓ፡ ብቐዳማይ ዲግሪ ተመሪቓ።

ሰሊት፡ ጎደኒ ጎደኒ ትምህርታ'ውን፡ ከም ሚካል ሓውታ ዝኣመሰሉ ስንኩላን ቈልዑ፡ ብዓለም ደረጃ ቆላሕታን ሓገዝን ዝረኽቡሉ ዕድል ንኽፍጠረሎም፡ ብዛዕባ ጸገማቶም ኣፍ ኮይና ክትገልጸሉ ኣብ ዘኽእላ ውድድር ቁንጅና ክትሳተፍ'ያ ተበጊሳ። ዕላማ ናይ'ቲ ንፈለማ ግዜ ኣብ 2023 ንኤርትራ ወኪላ ዝተሳተፈቶ ውድድር ቁንጅና ኣፍሪቃ ከኣ፡ እዞም ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ፡ ማዕሪ ናይ ኩሉ ንክረኽቡ'ዩ። ኣብ'ቲ ውድድር ብምዕዋት ከኣ፡ ወይዘሪት ኣፍሪቃ (Miss Africa) ኮይና፡ ኣብ'ቲ ዓለም ምሉእ ዝርእዮን ዝከታተሎን መድረኽ ደይባ ኣኽሊል ደፊኣ። ስማን ስም ሃገራን ብምጽዋዕን ጥንዒራኣ ብምንብልባልን ድማ፡ ሓበንን ኩርዓትን ኤርትራውያን ኮይና። ካብኡ ብዘመጽኣ ዕድላት'ውን ናይ ክብሪ ኣምባሳደር መንሽሮ ጡብ ክትከውን በቒዓ።

178 ሰንቲ ሜትሮ ዝቐመታ ወይዘሪት ሰሊት፡ በዚ ናይ ፈለማ ዓወታ ተተባቢዓ፡ ንኤርትራ ምስ ዓለም ንምፍላጥ፡ ባህላ ንምንጽብራቕ፡ ዝዘተበሰትሉ ፕሮጀክት ቆላሕታ ዝረኽበሉ ዕድል ንምፍጣር፡ ኣብ 2024 እውን ኣብ ውድድር ቁንጅና ዓለም ተሳቲፋ። የግዳ ኣብ'ቲ ቀንዲ ውድድር ኣይተዓወተትን፣ በቲ ዘቕረበቶ ፕሮጀክት ግን፡ ብሓገዝ ናይ'ቶም ኣብ ደገ ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ተሰሪዓ ኑሓሰ መዓልያ ተሸሊማ። ጸቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ድማ፡ ኣብ'ቲ ሸው ግዜ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ኤርትራ ንምፍላጥ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ጉግል ክፍትሹን ኣብ ሶሻል ሚድያ ናይ ኤርትራ ደርፌ ክውልዑን ክኢሎም'የም። ሰሊት፡ ነቲ ዝዘተበሰትሉ ፕሮጀክት ጸቡቕ ጊዮራ ንኸትነዓልወሉ፡ ኣብ ውድድር ቁንጅና ዓለም 2025 ኣይተሳተፈትን። ኣብ ውድድር ቁንጅና ዓለም 2026 ንምስታፍ ግን፡ ብምሉእ ዓቕማ ተዳልያ ኣላ። ውድድር ቁንጅና ዓለም 2026፡ ካብ 29 ነሓሰ ክሳብ 5 መስከረም 2026፡ ኣብ ቬትናም ክካየድ'ዩ። እዚ ውድድር፡ ካብ ኣብ ጸጥቓ ዝያዳ ኣብ ስራሕካ ወይ ኣብ'ቲ እተቕርቦ ፕሮጀክት ዘድህብ ስለ ዝኾነ፡ ምስ ዕላማን ራእይን ሰሊት ዝሰማማዕ'ዩ።

ዕውትቲ ወይዘሪት ኣፍሪቃ 2023 ዝኾነት ሰሊት ሃብተኣብ፡ ነቲ ወይዘሪት ዓለም ንምዃን ኣብ ቬትናም እተካየዶ ውድድር ንኽትሕግዞ'ውን፡ ካብ 3-4 ነሓሰ 2026፡ ኣብ ኣስመራ ናይ ክልተ መዓልቲ ምብጻሕ ብምፍጻም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ፍናን ብርሃን ብምኻድ፡ ምስ ወለድን ተማሃሮን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ተራኺባ ዘቱያን ኣስተምህሮ ሂባ። ነቶም ሃገራዊ ማሕበር ተማሃራቱ ሎም፡ ዕቱብ ኣቓልቦን ክንክንን ዝገበረሎም ዘሎ ስንኩላን ቈልዑ፡ ንዕበዮቶም ዝሕግዞም ደገፋትን ባይታን ተጣጢሑሎም ምህላው ድማ ተመልኪታ። ኣብ'ቲ ዝጸበያ ዘሎ ውድድር ክሕግዝ ዝኽእል ሓሳባትን መረዳእታን'ውን ሰኪቓ ከም ዘላ፣ ኣብ መጻኢ ድማ ቤት ትምህርቲ ከፊታ ንሓውታ ዝመስሉ ስንኩላን ቈልዑ ኣገልግሎት ዝረኽቡሉ ዕድል ክትፈጥር መደብ ከም ዘለዋ ሓቢራ።

ብተወሳኺ፡ ሰሊት ምስ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራን ኣብ ውድድር ቁንጅና (Fashion show) ዝሳተፉ ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ሆቴል ኣምፔርያል ርክብ ብምግባር፡ ተመኩሮኣ ኣካፊላ'ያ። ውድድር ቁንጅና ዓለም ዘካይዳ ትካላት፡ ነፍተን ዕላማን ረቂቕ ጥሙሕን ከም ዘለወን ብምግላጽ ከኣ፡ "እምነትካን ክብርታት ሃገርካን ሸይጥካ ዝግበር ውድድር ኮነ ዝሕፈስ ዓወት፡ ወዓሉ ሓደሩ ሕልናዊ ቅሳነት ዘይፈጥር፡ ታሪኽካን መንነትካን ዘብርስን ስለ ዝኾነ፡ ዘካይዳኦ ውድድራት ንዝተበጾሱ ዕላማን ፕሮጀክተንን ቀዳምነት ዝሰርዕ ክኸውን መኺራ። ብወገና፡ ክትዕወተሉ ትኽእል ዝበረት የግዳ ምስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ዘይከይድ ብምዃኑ ዝጸገቦ ውድድራት ከም ዘሎ ሓቢራ። ተሳቲፍቲ ናይ'ቲ ዘተ ከኣ፡ ኣብ ውድድር ቁንጅና ኣፍሪቃ ዝተገናጸፈቶ ዓወት፡ ኣብ ቬትናም'ውን ክትደግሞ ሰናይ ምጽዎም ብምግላጽ፡ ባህሉን ክብርታት ሕብረተሰቡን ዘቖድም ሰብ፡ ወትሩ ዕውትን ንመንእሰያት መርኣያ ጸቡቕ ኣብነትን ስለ ዝኾኑ፡ ዝቐጽሉ ውድድራታ'ውን ንወረዘትን ደገፍታትን ኤርትራውያን ኣይታት ዝወከለ ክኸውን ተላቢዮምዋ።

ውድድር ቁንጅና ዓለም፡ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ዓለም ዝዓበየ ውድድራት'ዩ። ኣብ'ዚ ካብ 130 ሃገራት ዝተወከላ ወይዘራዝር ዝሳተፍኦ ውድድር ከኣ፡ ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ብወክልና ወይዘሪት ሰሊት ሃብተኣብ ትሳተፍ ኣላ። ኣብ'ቲ ውድድር ትሳተፍ ጓለንስተይቲ፡ ናታ ታሪኽ ስለ ትሃብር ከኣ፡ ሰሊት'ውን ኣብ ውድድር ከዕውታ ዝኽእል ብልጫታትን ጸቡቕ ነገራትን ኤርትራ ንምንጽብራቕ፡ ዝኣክል ሰንቂ ሰሊቓ ምድላዋታ ኣጻፊፋ ከም ዘላ'ያ ሓቢራትና። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወሸጢ'ቲ ውድድር ቁንጅና ዓለም፡ ደምጺ'ኻ ተጠቐምካ ጽናይ ዓይነት ጸገማት ወይ ጉዳያት ሕብረተሰብ ክትልውጥ ትደሊ ዕድል ዝኸፍት 'ድምጺ ንለውጢ' (voice for change) ዝብል ስለ ዘሎ፡ ኣብ'ዚ'ውን ንኤርትራን ባህላን ክትውክል ተዳልያ ኣላ።

ሰሊት ኣስመራ ኣብ ዝመጸኣትሉ፡ ቤተሰባን ኣፍቀርታን ብልዑል ሓበን'የም ተቐቢሎምዋ። ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝረኸብናዮም ወዲ 87 ዓመት ናይ ቀረባ ቤተሰባ ኣቦይ የሴፍ ጉብረሃንስን ሓትናኣ ወ/ሮ ክብራ የውሃንስን፡ ሰሊት ጓሎም ብእትገናጸፎ ዘላ ዓወት ወሰን ዘይብሉ ሓጎስን ሓበንን ከም ዝተሰምዖም ብምግላጽ፡ ኩሉ እተካይዶ ዕማማት፡ ንህዝባን ሃገራን ማእከል ዝገበረ ክኸውን ተላቢዮም።

ሰሊት፡ ሓበን ኤርትራን ኩርዓት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን'ያ። ካብ ባዶ ተበጊሳ ስለ ዝተቓለሰት ድማ'ያ፡ ብሓርነትኮታ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሓ ዘላ። ብድሆታታ ኣብ ምስጋር፡ ሞራልን ምትብባዕን ወለዳን ቤተሰባን ልዑል ምንጭ'ውን ትገልጽ። ኣብ ኤርትራ መጺኣ ብዘዘተጉበረላ ሓገዝን ሞራልን፡ ፍሉይ ትብዓት ረኺባ ምህላዋ ብምሕባር ከኣ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ተጸቢ'ኻ ዝመጽእ ማና ከም ዘየለ ተገንዚቦም፡ ክብርታቶም ዓቂቦም ኣብ ኩሉ ዓውደታት ክቃለሱ ተላብያ። ወይዘሪት ሰሊት ሃብተኣብ ኣስዒባ፡ ኤርትራ፡ ብኣቀማምጣኣ፡ ብሕብሪ ቀርበት ዜጋታታ ብባህላ ብእትውንኖ ክብርታትን ብዙሕ ጸጋታት ዝተዓደለት ሃገር ምዃና ጠቒሳ፡ ኣብ ኩሉን ብሄራትና ኣብ ውድድር ዓለም ተሳቲፈን ክዕወታ ዝኽእላ ምልኩዓትን ሰብ ብሉጽ ራእይን ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዘለዋ፡ ንህዝበንን ሃገረንን ዝጠቅም ዕላማ ሒዘን ክወዳደራ ምዒዳ።





ሰሊት ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዉም ቈልዑ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዓወት ተዓዊቱ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኢስታንቡል ተም - ዓወት ኣማኑ ትማሊ ኣብ ዝተዛዘመ ዙር ካህራማንማራሽ ዕዉት ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ኮይኑ።



እዚ ናይ 2.2 መለክዒ ዘለዎ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ቱርኪ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ኣርባዕተ መድረኻት ዝሓዘ እዩ።

ትማሊ ኣብ ዝሰበረ መዛዘሚ 110.8 ኪሎሜተር ዝሸፈነን መድረኽ ኩሉ ኣባላት ኢስታንቡል ተም - ናትናኤል ብርሃነ ዓወት ኣማኑን መትከል እየ ኣብን ብዝተመሳሰለ ናይ ዕዉት ግዜ 2 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 3 ካልኢትን ብዝኸታተሉ መበል 47፡ 65ን 79ን ደረጃ ሒዞም። መዋእል ግርማይ ኩሉ 41 ካልኢት ድሒሩ መበል 91 ደረጃ ሒዙ።

ትሽዓተ ነጥቢ ሒዙ ኣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ካልኣይ ኮይኑ ናብዚ መድረኽ ዝኣተወ - ዓወት፡ ሰለስተ ነጥቢ ብምኽሳቡ፡ ብ12 ነጥቢ እዚ ውድድር ተዓዊቱሉ። ዓወት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ ካብ ዕዉት 41 ካልኢት ድሒሩ ሓሙሻይ ደረጃ ሒዙ።

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት . . .

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ዓርቢ ብጸወታ ኩዕሶ እግሪ ቀጺሉ።

ኣብቲ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድር፡ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ክልተኡ ጸታ እያን ተጻዊቶም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣቦሻውልን ፓራዳይዝን 1-ብ1 ከምኡ'ውን ቲራቮሎን ሰረጀቓን 1-ብ1 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ጸጸራት ንሰንበል 2-ብ1፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንማእከል ከተማ 3-ብ0፡ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 1-ብ0፡ ገጀረት ንበረኽ 4-ብ0፡ ገዛ ጥንዲ ንጋሻፍሒ ከምኡ'ውን ማይ ተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ ብዝተመሳሰለ 1-ብ0 ሰዒረንአን።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፓራዳይዝ ንኣቦሻውል ከምኡ'ውን ጸጸራት ንማእከል ከተማ ብዝተመሳሰለ 4-ብ0፡ ሰንበል ንኣርባዕተ ኣስመራ 3-ብ1፡ በረኽ ንጎዳይፍ 1-ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ገዛ ጥንዳን ጋሻ ነፍሒን ድማ፡ 0-ብ0 ተፈላልየን።

እዚ ውድድር፡ ሉሚ ቀዳም ብኩዕሶ እግሪ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ቀጺሉ ከውዕል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ሓቢሩ።

## ፊፋ፡ 80 ሚእታዊት መሃያ ናይ ኡጋርተ ክሸፍን እዩ



ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ፊፋ፡ 80 ሚእታዊት መሃያ ኡራጓያዊ ማኑኤል ኡጋርተ ክኸፍል ምዃኑ ሓቢሩ።

ኡጋርተ፡ ኣብቲ ፊፋ ዘወደቦ ዋንጫ ዓለም 2026 ከቢድ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ። ስሪዚ መጉዳእቲ ከኣ ንነዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ክእለ ምዃኑ ይሕበር። እንግሊዛዊት ክለቡ ማን ዩናይትድ'ውን፡ ብዘዕባኡን ብዘዕባ ኣብ ቦታኡ ዝስለፍ ተጻዋታይ ናይ ምግዛእ መደብን ክትሓስብ ተቐሲባ ኣላ።

ኣብዚ ጉዳይ ዘተኮረ ሕጊ ፊፋ፡ ሓደ ተጻዋታይ ንሃገራዊት ጋንታኡ ወኪሉ እናተጻወተ ንነዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ዝእልዩ መጉዳእቲ እንተኣጋጢምዎ፡ ገለ ክፋል ካብቲ ክለቡ እትኸፍሎ መሃያ ክሸፍን ዘኽእል እዩ።

ኡጋርተ፡ ሰሙናዊ 150 ሽሕ ፓውንድ ከምዝኸፈል ይሕበር። 80 ሚእታዊት መሃያኡ ክኸፍሎ ምዃኑ ዝገለጸ ፊፋ ኩሉ 120 ሽሕ ፓውንድ ክሽፍን እዩ - ክሳብ ኡጋርተ ሓውዩ ናብ ጸወታ ዝምለስ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኖርወይ፡ ፕረዚደንት ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ጸዊዓ።

እንተ መክሰኾን ኣርጀንቲናን ግና፡ ዘለወን ምሉእ ደገፍ ብምግላጽ፡ ኣብ ስልጣኑ ክቕጽል ድሌተን ምዃኑ ኣፍሊጠን።

ኢንፋንቲኖ፡ ድሕሪቲ ብርክታት ዋንጫ ዓለም ናብ ውልቃውያን ኣውፊርቲ ክሸጥ ዘቕረቦ ሓሳብ፡ ብዝበዝሓ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ተነቒፉ እዩ፡ ሓሳቡ ከምዝቑረጽ'ውን ድሒሩ ኣፍሊጡ። ገለ ወገናት ግና፡ ንሓሳቡ ዝድግፉ ኣለዉ።

## ስልጠና ናይ ኣሰልጠንቲ ይወሃብ ኣሎ

ክፍሊ ቴክኒክ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምትሕብባር፡ ንሞያዊ ዓቕሚ መምህራን ኣካላዊ ብቕዓት ክብ ዘብል ናይ ደረጃ ዲ (D) ሊቸንሳ ናይ ኣሰልጣንነት ስልጠና ን30 መምህራን ይህብ ኣሎ።



እዚ ካብ 4 ነሓሰ ዝጀመረ ስልጠና፡ ብኢንስትራክተር ቴክኒክ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ኢሊት ኢንስትራክተር ፊፋን ኣቶ ዳንኤል የውሃንስ ከምኡ'ውን ኢንስትራክተር እስቲፋኖስ ኣሰፋው ይወሃብ ኣሎ። ክሳብ 10 ነሓሰ ብክልስ ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዝወሃብ እዚ መደብ፡ ንስትራቴጂ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ህጻናት (Football coaching strategies for children)፡ ንምድላው ውጥን ስልጠና፡ ንመሰረታዊ ኣምራት ጸወታ፡ ንምውዳብ ፌስቲቫልን ውድድራትን ህጻናት፡ ከምኡ'ውን ንክንክንን ሓለዋን ህጻናትን (Safeguarding)፡ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤትን ካልእን ኣርእስትታት ኣተኩሩ'ዩ ክወሃብ።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ወከልቲ ክፍሊ ስፖርት ሚኒስትሪ ትምህርትን ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ዝተረኽበሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መም. እስቲፋኖስ ንብረሃዋርያት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ንዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም ንጥፈታት ስፖርት ኣብያተ ትምህርቲ ንምሕያል ኣብ ዝካየድ ዕማም ብዝለዓለ ክዋስኡ ምዝኽኻሩ፡ ህዝባዊ ርክብት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ሓቢሩ።


## "ጉማረሽ፡ ናብ ኣርሰናል ክጽምበር እዩ ድሌቱ" ዊልሰን

ኒውካስል፡ ንሓሊቓኣ - ብሩኖ ጉማረሽ ክትሸጦ መደብ ከምዘይብላ፡ ንሱ ግና፡ ናብ ኣርሰናል ክጽምበር ድሌት ከምዘለዎ፡ ሮስ ዊልሰን ዝተባህለ ዳይረክተር ስፖርት ናይታ እንግሊዛዊት ክለብ ሓቢሩ።

ኣርሰናል፡ እዚ ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ፡ ብ75 ሚልዮን ፓውንድ ክተፈርሞ ተሰማሚዓ ምህላዋ ይግለጽ።

ጉማረሽ፡ ካብዛ ክለብ ምውጻኡ ሕማቕ ከምዝተሰምዖ ዝገለጸ ዊልሰን፡ እዚ ወዲ 28 ዓመት ተጻዋታይ፡ ምስኣም ክጸንሕ ድሌት ከምዘይብሎ ሓቢሩ።

"እቲ ክንገጥሞ ዝጸበየና፡ ብሩኖ፡ ኣብ ልዕሌና ዝበሮ ኣኽብሮት እዩ። ኣዝዩ ሕማቕ እናተሰመዩ እዩ ክወጽእ ከምዝደሊ ነጊሩና።" ድማ ኢሉ።



ጉማረሽ፡ ደሮ ካብቲ ኣብ ሰዓት ዝርከብ ቅድመ ወቕቲ ልምምድ ዝገብሩሉ ቦታ ንደቂ ጋንታኡን ኣባላት ስታፍን ንበዓት ኣሰናዩ ተፋንዮም ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ካብዛ ጋንታ ዝተፋነወ ራብዓይ ኣጉዳሲ ተጻዋታይ ድማ ኮይኑ ኣሎ።

እዛ ብሶላ ወሰንታ ዝተብተመት ክለብ ዓለም ክትከውን ዝኸኣለት ጋንታ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ንኣሌክሳንደር ኢሳቅ ናብ ሊቨርፑል ከምዝፋነወቶ ይዝከር። ኣብዚ ወቕቲ ድማ፡ ኣቑዲማ ንኣንቶኒዮ ጎርዶን ናብ ባርሴሎና ንሳንደሮ ቶናሊ ከኣ ናብ ቶተንሃም ሸይጣቶም። ዓላሚኣ ኢዲ ሃው እውን ዝሓለፈ ሰሙን ጉዲፉዋ እዩ።

ኒውካስል፡ በቲ ኣብቲ እዋን ልዕሊ 300 ቢልዮን ሃብቲ ዝበርም (ኣብዚ ግዜ ልዕሊ 600 ቢልዮን ምዃኑ ይግለጽ) ሱብ ጺጋ ኣብ ጥቅምቲ 2021 ክትግዛእ እንከላ ብሓይሊ ገዚፍ ዓባይ ጋንታ ናይ ምዃን ሕልሚ ነይሩዋ። ኣብ 2023-24 ድሕሪ ናይ 20 ዓመታት ብኩራት፡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትምለስን ኣብ መጋቢት 2025 ዋንጫ ካራባኦ ካፕ ብምዕታር ናይ 70 ዓመታት ጽምኢ ዓባይ ዋንጫ ከተጥልልን'ውን ክኢላ ነይራ።

ይኹን እምበር፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ብጉዳይ ምውጻእ ኢሳቅ ነዊሕ ክትሳቐ ዝተቐሰበት እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ እዋን ኩሉ ወሰንቲ ተጻወትታን ኣሰልጣኒኣን ጉዲፎማ ወጺኦም ኣለዉ። እዚ ኩሉ ነቲ ክትሃንጾ ጀሚራ ዝበረት ቁመና ዘፍርስ ምዃኑ ይትንተን።

ከም ወጽኢቱ፡ ሕልማ ንምስኻዕ ንዝነበረቶ ጻዕሪ ብዜሮ ዘርብሕን ዳግማይ ንክትምለስ ዓቢ ጻዕሪ ዝጠልብን ምዃኑ ይእመን።

## ሮድሪ፡ ምርጫኡ ባርሴሎና ምዃኑ ነጊሩ

### ማድሪድን ቪንሰየስን ተሰማሚዖም

ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ – ሮድሪ፡ ምርጫኡ ባርሴሎና ምዃኑ ንሪያል ማድሪድ ነጊሩዋ - ብመሰረት ሓበሬታ ወኪሉ።

ኣብዚ እዋን ድሕሪ ዝካየድ ናይ ሕቖ መጥባሕቲ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዘሎ ሮድሪ፡ በዘን ክልተ ዓበይቲ መቓናቕንቲ ክለባት ስጳኛ ተደልዩ ምህላዉ ይፍለጥ። ክልተአን ንምውናኑ ዘኩሉ ይጉበራ ምህላወን'ውን ይሕበር።

ፓብሎ ባርኩሮ ዝተባህለ ወኪል ናይዚ ስጳኛዊ፡ "ሪያል ማድሪድ፡ ፕሮፈሽናል ብዝኾነ መገዲ ኣጉዳሲ እማመ እያ ኣቕሪባ። እንተኾነ፡ ሮድሪ ምስ ናይ ኣኽብሮት ንሪያል ማድሪድ፡ ምርጫኡ ባርሴሎና ምዃኑ ሓቢሩዋ።" ኢሉ።




ባርሴሎና፡ ምስዚ ዕዉት ዋንጫ ዓለም 2026 ዝኾነ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት ከምዝተሰማምዑት ይግለጽ።

ይኹን እምበር፡ 38.5 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ዝኸሕከሐቶ ማዕጾ ማን ሲቲ፡ ከፉቲ ኣይረኸበትሉን። ምኽንያቱ፡ ሲቲ ካብ ሽያጥ ናይዚ ውሽጢ ተጻዋታያ፡ ልዕሊ 60 ሚልዮን ፓውንድ እያ ትጠልብ ዘላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ውዕል ናይ'ቲ ኣጉዳሲ ተጻዋታይ - ቪንሰየስ ከተናውሖ ተረዳዲኣ።




ንዝሓለፉ ኣስታት 18 ኣዋርሕ ብጉዳይ ሓዲሽ ውዕል ዝተዘራረቡ እዞም ወገናት፡ ኣብ ሓደ መዕለቢ ክበጽሑ ተኣጊሞም ጸኒሖም። ስሪዚ ድማ፡ ቪንሰየስ፡ ካብዛ ንሸሞንተ ዓመታት ዝተጻወተላ ስጳኛዊት ክለብ ክወጽእ እዩ ክበሃል ቀንዩ። ኣርሰናል፡ ብሃንቀውታ ትጽበዮ ምህላዋ'ውን ተሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ብቐደሚ ትማሊ (ሓሙስ)፡ ክሳብ ሰነ 2032 ዝጸንሕ ውዕል ክፍርም ከምዝተሰማምዑ ብምግላጹ ሰፊሕ ሸፈነ ረኺቡ ዝጸንሐ ጉዳይ፡ መዕረፊ ረኺቡ ኣሎ። ኣርሰናል ድማ፡ ካልእ ናይ ጺጋም ክንፊ ኣጥቃዓይ ክተቋምት ተቐሲባ ኣላ።

"ሸሞንተ ዓመታት ኣብ ሪያል ማድሪድ ሓጺር እዩ። ብሕጂ ሽዱሽተ ተወሰኽቲ ዓመታት ድሕሪሉ ከኣ፡ ዝኾንትእሉት ምጽናሕ ኣሎ።" ክብል'ውን እቲ ብራዚላዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ምስምማዖም ኣፍሊጡ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## “ሕጽረት ተተኩስቲ ኣየጋጠመናን” ትራምፕ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ሕጽረት ተተኩስቲ ኣጋጢሙዋ ምህላው ንዝገልጽ ዝልሓኹ ሓበሬታ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኑቲ ሓበሬታ ዘልሓኹ ኣካላት እውን ከቢድ መቕጻዕቲ ይጸበዮም ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።

ሃገሩ ንዝዊሕ እዋን ክጥቀመሉ ዝኽእል ብዙሕ ዓይነት ኣጽዋርን ተተኩስትን ከም ዘለዋ ዝሓበረ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኑቲ ኪጋዋሕ ዝቖጸ ዜና ነጺጉዎ።



ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ብሰንኪ ተኻይዶ ዘሎ ወተሃደራዊ ወፍሪን ንጽክሬን እትገብሮ ዘሎ ወተሃደራዊ ደገፍን መጠን ዝተኸዘ ኣጽዋራን ተተኩስታን ከም ዘንቆልቆለ እየም ምንጭታትትታ ሃገር ዝገልጹ።

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ማእከል ስትራተጅያዊ መጽናዕትታት ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ቅድሚ ኩናት ኢራን ልዕሊ 2,300 ዝበረ ቀጽሪ ‘ፓትርዮት’ ሚሳይላት ኣመሪካ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ ኣስታት 830 ወሪዱ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚቱ'ሉ።

ብዘይካ'ዚ ኣመሪካ 60 ሚእታዊት ናይ'ቲ ዝበሩ ‘ታድ’ ዝተሰምየ ዘመናዊ ስርዓት መከላኸሊ ሚሳይላት ኣህሊኻቶ ክኸውን ከም እትኽእል ግምታት ሂቡ።

ኣመሪካ ኑቲ ዝተራቐቐ ኣጽዋር ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣዋዲዳቶ ከም ዝበረት ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ኢራን ግና፡ ገለ ካብኡ ናብ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ከም ዘግዓዘቶ እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።

---

## ስዑዲ ዓረብ፡ ፓኪስታንን ቱርክን ሓባራዊ ናይ ምክልኻል ውዕል ከቲመን

ወተሃደራዊ ወጥሪ ማእከላይ ምብራቕ እናዓዘየ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ትማሊ ዓርቢ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ፓኪስታንን ቱርክን ጸጥታዊ ምትሕግጋዘን ንምዕማቑ፡ ሓባራዊ ናይ ምክልኻል ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ዝተኸተመ ውዕል፡ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ሃገር ዝፍጸም ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ሰለስቲአን ሃገራት ከም ዝተፈጸመ ክቑጸር እዩ።

እቲ ስምምዕ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸህባዝ ሻሪፍ ናብ ስዑዲ ዓረብ ድሕሪ ዘካየዶ ምብጻሕ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ተኸቲሙ።

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን እውን ንወረሲ ዓራት ስዑዲ ዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ንምርኻብ ትማሊ ዓርቢ ናብታ ሃገር ከም ዝምርሐ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ስዑዲ ዓረብ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ ኣዋርሕ፡ ካብ ኢራን፡ ብኢራን ከም ዝድገፍ ካብ ዝንገረሉ የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲን ኣብ ዒራቕ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሺዓን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ክፍነወላ ከም ዝጸንሐ እየም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

እቲ ‘መካ ሓባራዊ ናይ ምክልኻል ውዕል’ ዝተሰምየ ስምምዕ ድሕሪ ንከባቢ ዓመት ዝተኻየደ ዝርርብ ከም ዝተበጽሐ እዩ ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ።



---

## ኮንጎ፡ ቁጽሪ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት ልዕሊ 4 ሽሕ በጺሑ

ኣብ ዲሞክራሲያዊ ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ቁጽሪ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት 4,053 ክበጽሕ እንከሎ፡ ብዘሒ ናይ'ቶም ብቲ ቫይረስ ተጠቒዖም ዝሞቱ ሰባት ክኣ 1,850 ከም ዝበጽሐ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይቲ ሃገር ሓቢሩ። እቲ ‘ቡንዲቡግዮ’ ብዝተባህለ ዓይነት ቫይረስ ተበጊሱ ዘሎ ለበዳ ኢቦላ፡ ብዘሰዓቦ ቁጽሪ መልከፍቲ ኣብ ታሪኽ ናይታ ሃገር ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተመዝገቡ ተመሳሰልቲ መልከፍቲታት እቲ ዝለዓለ ክኸውን እንከሎ፡ ብደረጃ ዓለም ከኣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ኣሎ። ብመሰረት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር



ዝዘርገሖ ጸብጻብ፡ እቲ ለበዳ ኣብ ኢቱሪ፡ ሰሜናዊ ኪቩ፡ ደቡባዊ ኪቩ፡ ሃውት-ኡኤለን ትሾፖን ዝተባህላ ሓሙሽተ ዞባታት ናይታ ሃገር ተራእዩ ኣሎ።

86.9 ሚእታዊት ካብቲ ለበዳ ኣብ ዞባ ኢቱሪከምዘጋጠመድማተፈሊጡኣሎ። ዳይረክተር ጀነራል ማእከል ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት ኣፍሪቃ ጂን ካሴያ፡ ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ዘይከኣለ ዘሎ ለበዳ ንምንጻር መጽናዕትታት ይካየድ ከም ዘሎ ገሊጹ።

---

## ሑቲ፡ 30 ወተሃደራት የመን ቀቲሉ

የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ ዞባታት ሃድራማውትን ማራብን ዝርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት መንግስቲ የመን ብዘካየዶ መጥቃዕቲ ሚሳይልን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን፡ 30 ወተሃደራት መንግስቲ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 15 ወተሃደራት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ። እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ እታ ሃገር ኣብ በርጌሳዊ ውግእ ካብ ትጽመድ ንደሓር ካብ ዝተራእዩ ተመሳሰልቲ መጥቃዕቲታት፡ ዝለዓለ ጉድኣት ዘስዓበ ኮይኑ ከም ዘሎ እየም ምንጭታት ዘመልክቱ። ሰራዊት የመን፡ እቲ ኣብ ልዕሊ መዓስከራቱ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ግብረ መልሲ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ሑቲ ዘካየዶ መጥቃዕትታት ከም ዝኾነ ገሊጹ'ሎ።

እቲ ሰራዊት ኣስዒቡ፡ ሑቲ ካብ ዞባ ኣል-ጃውፍ ሸሞንተ ሚሳይላት ብምውንጫፍ ንወተሃደራዊ መዓስከራት ኣል-ቲንያ፡ኣል-ኣብርን ኣል-ሮውክን ዒላማ ከም ዝገበሮ ኣነጺሩ። እቶም ዒላማ ዝኾኑ ወተሃደራዊ መዓስከራት፡ ብደገፍ ስዑዲ ዓረብ ዝቖሙ ምዃኖም እየም ምንጭታት ዝሕብሩ። ኣብ የመን ዝርከቡ ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝንገረሉ ሑቲን ብስዑዲ ዓረብ ዝድገፍ ሰራዊት መንግስቲ የመንን፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ርጉእ ኩነታት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት ጀሚሮም ኣብ ግጭት ከም ዝተጸምዱ'ዩ ዝፍለጥ።



---

## ታይላንድ - ኣብ ቤት ትምህርቲ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት ተፈጺሙ

ትማሊ ዓርቢ፡ ኣብ ሓንቲ ኣብ ክፍለ ሃገር ኖንታቡሪ - ታይላንድ እትርከብ ‘ደብሰሪን ኖንታቡሪ’ ዝተባህለት ቤት ትምህርቲ፡ ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ወዲ 14 ዓመት ተማሃራይ ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት፡ መምሃራንን ሰራሕተኛታትን ዝርከብዎም ሓሙሽተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 23 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።



እቲ ተማሃራይ፡ ቅድሚ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ምእታዉ፡ ንኣቦ ሓጎኡን እኖ ሓጎኡን ክቐትሎም እንከሎ፡ ድሕሪ እቲ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ከኣ፡ ብኡ ንብኡ ነፍሰ ቅትለት ከም ዝፈጸመ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ብመሰረት ጸብጻባት ፖሊስ፡ ትሸዓተ ካብ'ቶም ዝቖሰሉ ሰባት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ይርከቡ ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ክዕረግ ይኽእል'ዩ ተሰግኣት ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን፡ ኣብ ዞባ ‘ሃት ያይ’ ኣብ እትርከብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ብዝተፈጸመ ካልእ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ፡ ሓንቲ መምህር ክትቅተል እንከላ ሓደ ተማሃራይ እውን ከም ዝቖሰለ፡ ፖሊስ ናይታ ሃገር ይሕብር። ኣብ ታይላንድ መጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን 10.3 ሚልዮን ፈኩስ ብረት ኣብ ኢድ ውልቀ ሰባት ከም ዝርከብ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 8/8/26 | ጎደና እምባረሚ 755ጥቓ እንዳ ማርያ ጥቓ ባር ትራሱተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services